ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.112 | ሓሙስ 9 ጥሪ 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ንተመሃሮ ዝሕግዙ ኣርባዕተ ሜላታት

ገጽ 3
ኣገልግሎት ጥዕና ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቂላ

ገጽ 4
መእተዊ

ገጽ 5
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ገጽ 7
ኤርትራውያን ዳያስፖራ ኣብናይ ካፍ ውድድራት ክዳንዩ ተመሪጸም

ኤርትራውያን ተቐማጦ ስዊዘርላንድ፣ ኣብ ምሕያል ውዳበታት ዘትዮም

ልዕሊ 1,250 ኤርትራውያን ተቐማጦ ስዊዘርላንድ፣ "ውዳበና ነጽንዕ ክብርታትና ክሕሉልዕ" ብዘብል ቴማ፣ ኣብ ምሕያል ውዳበታቶም ዘዘኩረ ሰሚናር፣ ብ4 ጥሪ ኣብ ጀኔቫ ኣቃሂያሞ።

ፈጃሚ ጉዳያት ኣምባሳ ኤርትራን ቀዳሚ ወኪል ኤርትራ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ሕብራት ሃገራትን ካልኦት ኣህጉራውያን ውድባትን ኣብ ጀኔቫ ኣቶ ሃብተዎም ዘርኣይ፣ ንልምዓታዊ ጉዕዞ ኤርትራ፣ ነፀምኡ'ውን ንህሉው ኩነታት ዞባናን ዓለምናን ኣመልኪቱ ሰፊሕ መብርሂ ድሕሪ ምሃቡ ሃገራዊ ውዳበታት ብምሕያል ኣበርክቶኻ ምዕዘዝ መድረኻዊ ተልእኾ ነፀግዚኦ ኣብጋህ።

ተጻብኦታትን ሽርሕታትን ጸላእትን ተጻዋእትን መልከዑ ይቀያየር እምበር ዘዕርፍ ነፀግዚኦ ዝጠቐሰ ኣቶ ሃብተዎም፣ ነም ወትሩ - ፍልጠት፣ ሞያን ደስፕሊንን ዓጠቓና ብልዑል ንቕሓት ክንብድሆ ነፀግዚዎኦ፣ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ድማ ምውርሪስ ክብርታት ናይ ቀዳማታት ቀዳምት ስለዝኾኑ ማሕበረተማት ብዘለዓለ ትኽረት ክሰርሑሉ ነፀግዚዎኦ ኣፖዝሀቡ።

ሓላፊ ህዝባዊ ጉዳያት ኣቶ ተወልደ የውዳስ ብወኪ፣ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን መንእሰያ ኣብ ምዕቃብ ይኹን ተሳትፎኦምን ኣብርክቶኦምን ኣብ ሃገራውን ማሕበረሰማውን ዕማማት ንምዕዛዙ ውዳበ ቀንድን ኣውራን ስለዝኾነ ብዕቱብ ክሰርሑሉ ኣተሓሳሰቡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፣ ውዳበኦም ብምስፋሕን ብምሕያልን ሃገራዊ መደባት ንምዕዋት እጃሞም ነፀግዚኦ ኣረጋገጹ።

ኣብ መወዳእታ ናይ'ዚ ብክህላዊ መሳናድኦ ዝደመቐ መደብ ብኣምባሳ ኣብ ዝውደብ ንዋፈታት ወለንታዊ ኣበርክቶ ንዘበገሩ ውልቀሰባት፣ ናይ ምስጋና ወረቐት ተዋሂቦም ኣሎ።

ኣቐርደት - ስልጠና ኣሰራርሓ መኣዛዊ መግቢ ተዋሂቡ

ማኒስትሪ ሕርሻ ሃብታም መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎ መግቢ ናብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ንምብጻሕን ሰድሪቢታት ኣብ ዕለታዊ ኣመጋግባአን ነፀግዘወትርኦ ንምግባርን ዘኽይዶ ዘሎ ጻዕሪ ብምቐጽሉ፣ ምስ ሞግደኤ ተሓብሩ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቐርደት ንዓ60 ደቂኣንስትዮ ስልጠና ምድላው መኣዛዊ መግቢ ወሃቡ።

ሓላፊት ጨንፈር ሞግደኤ ዞባ ጋሽባርካ ወ/ሮ ደሓሮን የወዳስ ኣብ ዝገለጹ ቃል፣ እቲ ስልጠና መቐጽልታ ናይ'ቲ ኣቐዲሙ ኣብ ባርንዒን ሃደቂኣን ዝተዋህበ ተመሳሳሊ ስልጠናታት ነፀግዚኻ ብምጥቃሱ ደቂኣንስትዮ ብሓፈሻ ኣዴታት ድማ ብፍሉይ ኣብ ነበበአን ዝርኽብ ሕርሻዊ ፍርያት ተጠቒመን ብዘቐለለን ዝሓሰረን ኣገባብ መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎ መግቢ ንምድላው ገዲሉመ ነፀግዚኻ ገሊጹ።

ክኢላ ዕቡዃት ናብራ ወ/ሮ ኣብ ዘርኣዝ ብወኪ፣ ኣብ'ቲ ስልጠና 30 ካብ ምምሕዳር ነበበ ዓደርጊ 30 ድማ ካብ ከተማ ኣቐርደት ነፀእተኳዃ ኣረጋኒ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣቐርደት ኣቶ ኢሳቐ ጥዑም ኣብ ዝሰጥ መዘምሪ ቃል፣ እቲ ንደቂኣንስትዮ ብሓፈሻ ንኣዴታት ድማ ብፍሉይ ዝተዋህበ ስልጠና፣ ጥዕና ስድሪቢታት ብምውሓስ ጥዕይን ኣፍራይን ሕብረተሰብ ንምህናጽ ኣብ ዝገበር ጻዕሪ ኣወታዊ ኣስተዋጽኦ ነፀግዚልዎ ብምጥቃሱ ስልጠንቲ ዝቐሰምኦ ሞያ ኣብ ግብሪ ከውዕልኦን ናብ ካልኦት ከመሓላለፉኦን ኣዘኻኺሩ።

ተሳትፎ መንእሰያት ኣብ ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕትታት ኤርትራ ተመጉሱ

ኮሎመዲያዊ ተሳትፎ ምህራት፣ ክኢላታትን ሞያውያንን ኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕትታት ኤርትራ ዝምስጠን ምንባሩ ኣወሃህድትን ተሳተፍትን ገሊጾም።

ጸሓፊ ኣናዳኢት ኮሚቲ ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕትታት ኤርትራ ዶ/ር ተመስገን ተስፋማርያም ኣብ ዝሰጥ ሓበሬታ፣ ካብ ዝተፈላለያ ትካላት ዝተዋጽኡ መንእሰያት መጽናዕታዊ ጽሑፋቶም ዚቕርቡሉ ባይታ ምጥዋሑ፣ ኣብ ዝሓዮሉ ዓውድታት ድርኺት ዝፈጥር ነፀግዚኻ ብምሕባር፣ ዝኮለንትናዊ ተራኦምን ኣበርክቶኦምን መጉሰሉ።

መጽናዕታዊ መረጃዎቕቲ ካብ ዚቕረቡ - መንእሰይ ኣሚራ ሰናይን ነሩ ዓብዱን ብወገኖም፣ እቲ ዋዕላ ፍልጠትን ተመክሮን ንምቕሳም፣ ነፀምኡ'ውን ምስ ኤርትራውያንን ወጻእተኛታትን ምህራትን ክኢላታትን ክራኸቡ ዕድል ነፀግዘፈጠረሉም ብምጥቃሱ ብቐዳዳ ዝመገሙሉ ባይታ ኩይት ነፀግዘርኽበዎ'ውን ኣብጋህዎ።

ካብ 4 ክሳብ 6 ጥሪ ዝተካየደ ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕትታት ኤርትራ፣ ኣብ ወኸጠ ሰሰስተ መዓልታት ልዕሊ 150 መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ኣእንገዱ።

ስእሊ ሳልሕ ዓብደ.ቃድር

ዓረዛ - ዝተመርጹ ኣመሓደርቲ ከባቢ ብትግሃት ከምዘገልግሉ ገሊጾም

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ካብ 18 ክሳብ 29 ታሕሳስ ኣብ ዝተካየደ ምርጫ ዝተመርጹ ኣመሓደርቲ ከባቢ ዓድታትኹ እምኑ ኣሕዲሩ ንዝመረጸም ህዝቢ ብትግሃት ከምዝገልግሉ ገሊጾም።

ኣብ'ቲ ኣብ 21 ምምሕዳራት ከባቢ ዝተካየደ ምርጫ ብጠቕላላ 42 ኣመሓደርቲ ከባቢ ኣቐዲድኦ ስራሕ ኣብ 318 ኣህጉርቲ ዓዲ፣ ነፀምኡ'ውን 212 ኣኽቡቲ ግብሪ መሬትን ጥሪትን ነፀእተመርጹ ተሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ኣቶ ርእሶም ነፍስማርያም ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፣ ምምሕዳር ከባቢ መሳርያ ናይ ከሉ ዝቐደድ ንዋፈታትን ዝወሃብ ህዝባዊ ኣገልግሎታትን ምኻና ብምጥቃሱ ተመሪጽቲ - ንህዝቢ ስለጥን ፍትሓውን ኣገልግሎት ብምሃብ ተልእኾኦም ክፍጽሙ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ዞባ ደቡብ ብስፍሓታ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ኣብ እትሰራሪ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ኣብ 21 ምምሕዳራት ከባቢ ዝዋሃቡ 106 ዓድታት ኣለዋ።

ፍሞት

ዳህላክ ነጋሲ

ንተመሃሮ ዝሕግዙ ኣርባዕተ ሚላታት



1. ድሎት ምህላው

ወዲ ሰብ ብዙሕ ጥሮኡ ዘይፈልጦ ሃገር ኣኽፊልዎ ድሎት ኣሎዎ። እንተኾኑ እቲ ክፈልጦ ዝደለዮ ዘሎ ኣብ ህይወቱ እንታይ ጸልዋ ወይ ረብሓ ኣሎዎ? ኣጸብቖ ክፍጥሮ ይግባእ። ተመሃሮ ነቲ ዘገድሖም ካብቲ ዘይጠቕሞም ፈልዮም ብምውጻእ ዝበዝሐ ግዜኦም ፍልጠት ኣብ ምውህሃል ክሕልፍዎ ይኽእሉ። ወትሩ ከይሰልኖ ዘኽብሮን ዝፍትሽን እንተኾኑስ ግዜ ሓጺር እዋን ብዙሕ ፍልጠት ክኾነሎ ይኽእሉ። ከም'ቲ "ዝኽብቡ ይፀንሑ" ዝብል ብዛል ኣብ ሕብረተሰብና ዘሎ ተመሃሮ ኣብ ንኡስ ዕድመኦም ልምዲ ንብብ እንተኣጥርዮም ምሉእ ዕጥሮም ካብቲ ሓዳድ ምንቅ ከይበሉ'የም ዝጎዝሑ።

ኣብ'ዚ እዋን ኣተሓሳስባ ኩይኑ ዘሎ ብዙሓት ተመሃሮ ኣብ ክንዲ ምንባቡ ኣብ ተኸታተልቲ ፈልምታት ጸወታ (ገይም)ን ካልእ ንጥሪታትን ዋዕሲ ሰዓታት ክጽመዱ'የም ዝረኣዩ። ዋዕሲ ሰዓታት ሞባይል ብሞሓዝ ቪደዮ ገይም ኣብ ምጽዋትን ፈልምታት ኣብ ምዕዛበን ተሕልፎ እንተኾይኑ ንንብ ዝኸወን ግዜ ስለዘይትሕብ ነሞቲ ዝድለ ዓሚቕ ፍልጠት ክትሕብ ኣይትኽእልን ኢኹ። ልምድታት ኣሉትዕዊ መሪሕታት ናይ ገዛ ርኡሱ ጥቕምን ጉድኣትን ከማዝሎ ብተደጋጋሚ ይሕበር እዩ። እቲ ብምርምርን መጽናዕትን ክልሕ ዝገበሮ ኣእምሮ ተመሃሮ ኣብ ዘይጠቅም ተግባራት ክጽመድ እንከሎ ናይ ግዜን ዕድሳትን ክሳራ ከስዕብ ይኽእል እዩ። ስለዚ ወሳኒ መምህራን ኮታስ ከሎ ሕብረተሰብ ነየም ኣብ ንኡስ ዕድመ ዝርከቡ ኣብ ምምእዛናም ሓይል ጻዕሪ ክገብሩ ይግባእ። ተመሃሮ ኣብ እዋን ሰሪዕ ትምህርትን ድሕሪ ምዕዳው ኣብዮተትምህርቲኦ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ንከይርሕቁ ምትብባዕ የድሊ።

2. ወጥን ምውጻእ

ተመሃሮ ንከሎ ንጥሪታተየምን ኣካይዳኦምን ኣብ ግምት ዚኣተወ መደባት ክሰርሑ ይግባእ። ነም ዝፍለጥ ብወጥን ምጉዳዝ ኣብ ወኸጠ ሓጺርን ዋዒሕን እዋን ንእተተግብርዎም መደባት ንምስልሳል ዝሕግዝ እዩ። ነም ወጽኢቱ ከሎ ዝሓንጽጾ ንጥሪታት ኣብ ግዚኡ ንክፍፍጽሞ የኽእሎ። ነም'ኡ'ድሜ ማዕራ ማዕረ መደብ ምስራዕ ኣብ ምትግባሩ'ውን ሓያልን ቁሪጽን ክትትወን ኣለዎ። እቲ ምንታይ ዝሓንጽጾ ወጥን ኣብ ባይታ እንዘዘተግብሮ ዘይተመለአ ሓሳብ ኩይኑ ስለዘተረፍ። እምባኣርከስ ሓሳብ ምስ ዝትግበር ምሉእነት ስለዝሎስ ንክልተኡ ብዋዕሪ ንምስናይ ብዘይ ትህክት ምዕያይ ወኒ ተራ ኣለዎ። ስለዚ ወጥን ምሕንጽጽ መደባትካ ብዋበት ንኽተካይድ ዝሕግዝ ረቛሒ ብምኾኑ ተመሃሮ ቡቲ ዝሞችኦም ኣገባብ መደባትዮም ክሰርሑ ይግባሮ። ፍልጠት ወኸጣዊ ሓይሊ ዝፈጥር ሰጕቂ ካብ ኩሉ ሎሚ ንክወንንዎ ነጽዕቲ ይግባእ።

መቸም መብዝሕትኦም ተመሃሮ ዕወታት ክኸሉ ምሕር ባህ ኢዩ ዘሎዎም። እንተኾኑ ኣብ ከሉ ጉዳዛ ህይወት ናብ ሓደ ምዕራፍ ንምብጽሑ ድሎት ወይ ባህ ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን። ንኣቡት ሓደ ተመሃሪ መሓልታዊ ንጥሪታቱ ብመደብ ሰሪዑ እናሃለወ ብሰሪ ትህክት ምሕር ፍትወት ጸወታን ካልእ ምኽንያትን መደባቱ ከተግብር እንዘይክኢሉ ኣብ ትምህርቱ ድኽመት ከርእይ ግድን እዩ። ስለዚኾኑ ተመሃሮ ናይ ትምህርትን ምዝንጋዕን ግዜ ክፈልዩ ሕልፊ ዝኸሓ ደማ ቀዳምነት ንትምህርቶም ክሰርሑ ይግባእ። ብኣንጻሩ ተመሃሮ እንተደኣ ንኸሉ ንጥሪታተየም ብዋበት ዘይቀይሮ መደባት ኣብ ርእሱ-ርእሲ ተደራብቡ ክሰብ ንምትግባሩ ኣብ ዘይክእሉሉ ደረጃ የብጽሕዎ። ነገራት ኣብ እዋኑ ቡዝእሽቶ እንክዘይዓሚምዎ ፈተና ክቕርብ እንከሎ ጥራይ ንኸሉ ከዘጽንዖ ምፍታን ወጽኢታዊ ክኸውን ኣይክእልን። ካብዚ ሓሳፋ ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ'ውን ከስዕበልካ ይኽእል እዩ።

ተመሃሪ ዝሕንጽጾም መደባት ኣብ ግዚኡ ዝፍጽሞም እንተኾይኑ ብርግጽ ፍሩጋሞኡ ክሓሰብ ግድን እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ብወጥን ናይ ምኳድ ልምዲን ስለ እትድረኑ። እምባኣርከስ እቲ ዝበጸ ውድድር ምስ ገዙርእሲኻ እንተኾይዩ ተመሪጸ። በዘመኑ ክንደይ ዝኣክል ፍልጠት ሸሚተ? እናበልካ ንሰበኻ ምግምጋም ኣጉዳሲ ነገር እዩ።

4. ሰሪዕ ምክትታል ወላዲ

እዚ ኣገባብ ኣብ ተመሃሮ መዚኣታ ርኡይ ኣጉዳስት ኣለዎ። ብዙሓት ወላዲ እቲ ናይ ምምሃሮን ምስትዝራን ዕማም ንመምህራን ምስ ኣረከብዎም ነቲ ዝኸሉ ለወጠ. ኣይ ኣጥሚርም ክስዘብዎ ይረኣዩ። የጉዳኑ ወላዲ ኣብ ገዛ ቤት ትምህርቲን ልዑል ምክትታል ከኣይድ ኣለዎ። ብፍላይ ኣብቲ ዝሰፈሩሉ ቤት ዓቕሞም ብዘፈቕዶ ንጡታ መምህር ብምትላኹ ከይሰልኖ ንደቆም መደባት ክሰርጋሉምን ዕጥሮታት ኩዒልወሉምን እንተኾኑሉ ኣብ ደቆም ርኡይ ለወጠ. ከምጸኑ ይኽእሉ እየ። እዚ ኣገባብ ወኸጣዊ ዓቕሚ ደቆም ንኽመዝኑ'ውን ይጠቅም እዩ። ኣብቲ ትሑት ወጽኢት ዘርኣዩሉ ዓወደ-ትምህርቲ ንኽሕግዘሎም ዝዕደይ እዩ። ወላዲ ቡቲ ዘሎዎም ቁጠባዊ ዓቕሚ ከይተደረቱ ብቕዳምነት ኣብ ወላዲ ከይተደረቱ ደረኣዩ እየ። ብመጠን'ቲ ሎሚ ዝዝበርዎ ወፍሪ ኣብ መጻኢ ዘሕንስ ፍረ ኩሓፍሱ ይኽእሉ። ኣብዚ ክዘንግዕዎ ዘይብሉ ወላዲ ከ'ቲ ካልእ ከሉ ዘድልዮም ንደቆም ዝቕረጋሉ ኣእምሮኦም ዘስፍሑሉ ባይታ'ውን ቀዳምነት ክህቡዎ ይግባእ። "ትምህርቲ ዘይበርስ ሃብቲ" ከምዝበሃሉ ወላዲ ደቆም ዝ. ናይ መዋእል ዕጥቂ ንኽሰንቑ ክጽዕሩ ኣለዎም። ጸባኒ ብደቆም መታን ከይቃሰሱ ሎሚ ነቲ ቀነዕ መገዲ ከርእይዎምን ከመርሕዎምን ይግባእ።

ንባብ ብዘመናዊ ኣገባብ

መጽሓፍቲ ምንባቡ ንኣእምሮ ደቂ ሰብ ክጽዑ ብፍልጠት ምብራኹ ኣንጊ ንኽመሪመርን ክፈላስፍን ዝደርኽ ልምዲ እዩ። ንባብ ናይ ምርዳእን ምስትውዳልን ክእለትካ ስለዘሕደል ሓደስቲ ሓሳባትን ኣተሓሳሰባን ከተእንግድ'ውን ይደርኽ'ዩ። ስለዚ ምንባብ ካብ'ቲ ብቕጽሊ ክዘውተር ዘሎዎ ኣገዳሲ ልምዲ እዩ። ነሞቲ ዝኸሉ ንብረት እንተደሊኻ ናብ ዕዳጋ ብምምራሕ እትፅድኑ ልምዲ ንባብ ኣብ ወኸጠ ዝነረጸ ሰብ ደሞ ተኣኩ ንምወጻእ ናብ ኣብዮተ-ንባብ መጊሑጽቡሕ ምምልሳስ የዘወትር።

ቤትንባቡ ካብ ሓየሎ ዓመታት ኣትሒዙ ኣገልግሎት ክህብ ዝጀመረ ትካል ይኸንምገር፡ ካብ ቀረባ ዓመታት እቲ ኣብ ቀዋሚ ቦታን ትሕቲቅርጽን ክወሃብ ዝጀመረ ኣገልግሎት፡ ናብ ዲጂታላዊ ኣንባብ ደሊንገር ስለዘሎ፡ እዩም መሳመር ኣገልግሎት ኢንተርነት ብቕሊሉ ክረኽቡ ዝኽእሉ ሰባት ኣብ ዝመረጽዎ ቦታን ሰዓትን ማእሊያ ዘይብሉም መጽሓፍቲ ክርኣጽሉን ናብቲ ዲጂታላዊ ቤትንባብ ዝዘዘርግሐሉ ነበቢ ብኣኳል ብምኳድ ብዕልጠን ቅልጠፍን መገዲ ብዙሕ ጽሑፋት ከንበቡን ክኢሉም ኣለው።

ዲጂታላዊ ቤትንባቡ መጽሓፍቲ ጥርኑፍ ዓምድታት፡ ኣብ ወረቐት ዝተወቐሩ ጽሑፋት፡ ኣኢኔ ብቨድዮን ድምጽን ዝተቐርጹ ፋይላትን ካልእ ትሕዝቶን ብዘተፈላለየ ቅርጺን ኣንባቡን ተዳልዩ ንኸሉ ኣንባቢ ድሉው ይኸውን። ኣብዚ ዘለናዮ መዋእል ኣጉዳስነትን ጥቕምን ዲጂታላዊ ቤትንባብ ኣዘዩ ዕዙዝ ስለዘኾኑ ብዙሓት ኣብዮተትምህርትን ካልኦት ትካላትን ዝህቡ ኣገልግሎት ናብ'ዚ ኣሰትዕዊ ኣሰራርሓ የሲጋገሩ ኣለዉ። ንዋዲ ዓመታት ኣገልግሎት ክህብ ዝጀመረ ቀዋሚ ቤትንባቡ ናብ'ዚ ዘመናዊ ኣንባብ ንምስጋጋሩ ብዙሕ ገልበታ'ውን ንዋታ'ውን ወጺኢታት ዝሓትት እኳ እንተኾኑ እቲ ዘርንጽዖ ረብሓ ግን ኣዘዩ ዕዙዝ እዩ።

ዲጂታላዊ ቤትንባብ ብዙሕ ምርጫታት ዝሓቀፍ ኮይኑ፡ መጻርግቲ ዘይብሉም ትሕዝቶታት ኣብ ወኸጠ. ኣሰትዕዊ መሃርሒ. ዝጠርሬ. እዩ። ብዘይካዚ፡ ኣንባቡቲ ብቕሊሉ ዋዒሕ ሰዓታት ከዋፕኹ፡ ዝመረጽዎ መጽሓፍ ወይ ኣርእስቲ ክረኽቡ ይሕግዝም። ብኣንጻሮ'ዚ፡ ኣብ ቀዋሚ ቤትንባብ ኣብ ገለ እዋን ሓንቲ መጽሓፍ ንምርኻብ ዝኽእል ግዜ ከተጥፍእ ትግደድ ኢኻ። ኣብ ብዙሕ ነገራት ዓለም ብቕንዱ ንተመሃሮ ትምህርታዊ ሓገዝ ዝኸሉ ጽሑፋት ብመገዲ ዲጂታላዊ ቤትንባብ ስለዝዋደደሉም እቲ ምዕቡል ኣገልግሎት ፍልጠየም ንኽሰፍሑ ኣዝዩ ዝድርኽ እዩ።

ብዘይካዚ፡ ዲጂታላዊ ቤትንባቡ ኣብ ትምህርታዊ መዳይ ኣዘዩ ሓጋዚን ኣጉዳስን ኣብ ርእሲ ምኳኑ ብፍላይ ጥጠሕ ባይታ ኣገልግሎት ኢንተርነት እንተተረኽቡ፡ ፍልጠትን ሓበሬታን ናብ ከሉ ቦታ ብቕሊሉ ክዘርጋሕ ይኽእል ማለት'ዩ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ዲጂታላዊ ቤትንባብ ሰፊድ ኣብ ምዕቃብ ዝሰዓለ ተራ ኣለዎ። ኣገደስቲ ርኽቡታት፡ መጽናዕትታትን ሓበሬታን ኣብ ዲጂታላዊ ቤትንባብ እንተተሰደዳ ንምብልሻወን ምዋፋእን ብሓፈሻ ንሓደጋ ዝተቓልዑ ኣይኮኑን፡ ብመንጽር ወሓሰ ኣተዓቓቕባኦም ንወለዶታት ነም ቅርሲ. ኩይናም ከበልግሉ ይኽእሉ። ካልኦ እዚ ቤትንባብ ንእተመርጸ ትሕዝቶ ብቕሊሉ ክትረኽብ ዝሕግዝ ኩይኑ፡ ብቕንዱ ካብ ብኽኑት ግዜ የለግሉ፡ ነም ዝፍለጥ ኣብ ዲጂታላዊ ቤትንባቡ ኣንባቡቲ ነቲ ዝደልዩዎ ኣርእስቲ ብኢሰትዕዊ መሃርሒ. ተሓገዝም ብቕሊሉ ይረኽቡዎ። እቲ ዝሓደ ትሕዝቶ ክሰፍሕ እንከሎ ማዕረማዕራኡ ናይ ኣጠቓቕማ ተፃህፃ ስለዝመጸሉ ድሉት ተገልገልቲን ኣቕረብቲን ተሳገዩ ናብ ጎደና ምዕባለ ዝመርሕ እዩ። ቤትንባብ ንኸሉ ብምኽረ ዘገልግል እኳ እንተኾኑ ዝያዳ ዝጥቀምሉ ኣካል ሕብረተሰብ ግን ተመሃሮ ወይ መንእሰያት እየም። ስለዚ፡ ተጠቐምቲ ዝወንንዎ ኣሰትዕዊ መሃርሒ፡ ንዘተፈላለየ ጸወታን ማዘናግዒን ጥራይ ኣብ ክንዲ ዘተኣሩ ካብዚ ልምዲ'ዚ ተቐጠቡም ግዜኦም ዝያዳ ፍልጠት ኣብ ዘኻዕበትሉ መገዲ ከወስዶ ይግባእ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቀ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቀ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሓበን ገብረኣምላኽ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቀ.ስ.163471-07588045

ምልክታ

ቀ.ስ 125013 - ቀ.ሳ.ጸ. 1284

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

ኣገልግሎት ጥዕና ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኃሊ

ሰኣሊ፦ ኣብርሃም ቦጎ

ብ22 ምምሕዳር ከተማ ኣስመራ 106 ዓዲታትን ገጠራ ንኡስ ዞባ ዓዲ ኃሊ ከተ. 22 ሽሕ ህዝቢ ይሕቡሮ፡ እዚ ንኡስ ዞባ ምስ ንኡሳን ዞባታት እምጒሓይሊን ማይምግን ከምኡ'ውን ምስ ኢትዮጵያ ይዳወቡ፡ እዚ ንኡስ ዞባ ሓደ ካብ 5 ዓሰውቲ ንኡሳን ዞባታት ዞባ ደቡብ ኩይሑ ንዝርግሕ ኣገልግሎት ጥዕና ኣቢቲ ንኡስ ዞባ ዝምልከት፡ ምስ ሓላፊ ጨንፈር ጥዕና ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ዶ/ር ርበል ተኾስኡ ናይ ዝጠርነዮ ቃለመሕተት ጸሚቖ ብጥዕሚ ዝነበብ ዝቐርበ ሰናይ ንብቡ-

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኃሊ ክልተ ኮሚውኒን ሆስፒታላትን ክልተ መደበራትን ትካላት ጥዕና ኣለዋ፡ እተን ኮሚዉ ሆስፒታላት ሓንቲ ኣብ ከተማ ዓዲ-ኃሊ እታ ካልኣይቲን ንኣርባዕተ ምምሕዳር ከተ'ቲ ንኡስ ዞባ እተልልያ ደማ ኣብ ኣውሓ ትርከብ፡ እተን መደበራት ጥዕና ከኣ ሓንቲ ኣብ እንዳገርግሩ እታ ሓንቲ ኣብ ዓዲ ሸሙ እተደኃሳ እየ፡

ትካላት ጥዕና ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኃሊ ዝህሉ ኣገልግሎት ብመንጽር ዕቡይተን ደረጃኣተን'ዩ ዝወሰኑ፡ ኮሚውኒን ሆስፒታላት ነም ኣብዮት እንተደኣ ርኢና፡ ዝህሉ ኣገልግሎት ክብ ንምባል ክዋጥቃኦ ዘኽእን ናውቲ ሕክምና ኣብ ምዕባቐ ደርጃ ኣብ ዝነበሩ ኣገልግሎታት ጥዕና፡ ብሽዋዚ ዝኸዕብ ብዘርዝር ምርኣየም ይቀሕሉ፡

ኣህዱ ጥዕና ስድራ-ቤትን ነምን

ኣብ ኣህዱ ጥዕና ስድራ-ቤትን ነምኑ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት'የም ዝተዩ፡ ኣብ'ዚ ኣቲ ቀዳማይ ንጥፈት፡ ኣገልግሎት ነምነዩተርን ምክትታል ነበስጻራት ቅድሚ ሕርሲን ኣጥዮሚሩ ወህድ ስራሕ ዋይዲ፡ ሰውዳት'ዚ ኣህዱ ነምዝሕበሮ ወጽኢት መንፈቃዊ ጋምጋም ስራሕ 2023፡ 1125 ነበስጻራት ኣብ ትካላት ጥዕና ቀረጠን ክረኣያ እኽለዉ፡ ኣብ ናይ 2024 ድሜ 1470 ነበስጻራት ነምኣተራኢያ የመልክዕ፡ ናይ 2023 ምስ ናይ 2024 ብምንጽጋር ድማ 18 ሚኢታዊት ዕበየት ነምዝርኣየ ተጸሊሩ ንረኽቡ፡

እቲ ካልኣይ ንጥፈት፡ ንሕርሲ ዝወሰብ ኣገልግሎት'ዩ፡ ከስን ኣብ ትካላት ጥዕና ምክትታል ዝጠበራ ኣፍስጻራት፡ ኣብ ትካላት ጥዕና ኩሉናዊ እቲ ዝተደድ ጻዕሪ፡ ኣበዚ'ውን ናይ 17 ሚኢታዊት ዕበየት ኣመዝገቡ ኣሎ፡፡ እዚ ዕበየት'ዚ፡ ኣብ ኣፍሲ-ወፍ ትካል ጥዕና ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ መጻቡዩ ኣፍስጻራት ዝተደድ ዝተወሰደ ስራሕ ዝተረኽበ ወጽኢት ምኳኑ ይሕበር፡ በዚ ኣገልግሎታት ጥዕና፡ ብሽዋዚ ዝኸዕብ ብዘርዝር ምርኣየም ይቀሕሉ፡፡

ክታባት

ሽፈነ ክታባት ብዩረኃ'ቲ ንኡስ ዞባ ንዕሞግታት ዞባውን ሃገራውን ተኸተሉ'ዩ ዝወሰቡ፡ ምስዚ ተኣኣኪሩ፡ ኣብ ዓመት 2024 ዕወት ወፍሪ ክታባት ንፍዳ፡ ሩብሪን ሻይታሚንን ምኳዩዱ ይሕበር፡፡

ኣህዱ ተመሓላለፍቲ ሕምምት

እዚ ኣህዱ'ዚ፡ ኤችኣይቪን ካልኣት ብዩታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ወይ ዝርከቡም ሕምምትን ይቀጽዕር፡ ኣብ ርሕሲ'ዚ፡ ወለንታዊ መርመራ መርመራ ደም ኣብ ነበስጻራት፡ መርመራ ኤችኣይቪ ነምኡ ደሞ መርመራ ናይ'ቲ ኣብዚ እዋንዚ ልዑል ምክትታል ዝግበረሉ ዘሎ ሕምም ወይዶ...ወዘተ ዝጠቓልል ብርክት ናይ ዝኸሉ ንጥፈታት ኣገልግሎት ይህቡ፡

ሕምም ወይዶ ብዙሕ ዓይነት እዩ፡ ኣብ ትካላት ጥዕና ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኃሊ ዝወሰብ ኣገልግሎት ሕክምና ወይዶ ከኣ ናይ ቢን ሰን እዩ፡ ኣብ ዝሓለፈት ዓመት ካብ 1286 መርመራ ካብ ዝተገብረሎም ተገልጊሉ፡ 16 ወይዶ ቢ፡ 2 ከኣ ወይዶ ሲ. ተረኺቡዎም፡ ካብዚ ብምብርኃኑ ንሕምም ወይዶ ኣጋጺሩ ዝወሰብ ኣገልግሎት ኣቢ'ቲ ንኡስ ዞባ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናግበሮ እናወርጋጸን ይኸይድ ምህላዉ ይሕበር፡፡

ኣህዱ ምቅጽጻር ሕምም ዓባይ ሰዋልን ዓሶን

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝረኣዩ ሕምምት፡ ልዕሊ. ካልኣት ሕምምት ኣሎኹ ዓሶ'ዩ፡ በዚ ኣህዱ ቀዳማይ፡ ኣብ ህዝቢ ገተዋሰን ሓብሬታን ምኳዩድ'ዩ፡ ካልኣይ ምዕዳል ናመጎስ፡ ሳልሳይ ዓሶ ዝሓመሙ ሰባት፡ ቀልጠፍም ናብ ሕክምና ቀረቦም ነፍስ-ወሰ፣ ሪብዩይ ድሜ ምንጽባ መድሃኒት ጸረጣእጡን ሕንጽን ብምኳዩድ ልዑል ምቅጽጻር ይግበረሉ፡፡ ሓደ ካብ ኣገባባት መሓለኻሊ ዓሶ ናመጎስ'ዩ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 47,765 ናመጎስ ናብ ህዝቢ ነበርጋሕ ከሎ፡ 19 ኣዘዮን ዓሶ'ዉ፡ ዝዘላ ዓዲታት'ቲ ንኡስ ዞባ ድሜ ጸረጣእጡ መድሃኒት ነምዝንጽገን ተገይሩ፡፡ ኣብዚ ነጥዒ ዘሎዉ ዓሶ ንምቅጽጻር ተራ ወሲዱ ጥዕና ዓዲ ዓቢ ምንዙ ይሕበር፡፡

ኣህዱ ሕክምናዊ ኣገልግሎት

ኣህዱ ሕክምናዊ ኣገልግሎት፡ እናተመሓላለሱን ደቂሳምን ዝሕክምሉ እዩ፡ ሰውዳት'ዚ ኣህዱ ነምዝጠቕሉ ቀጽሪ ተገልጊሉ፡ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናግበሮ ይኸይድ ምህላዉ'ዩ ዝሕበር፡፡ መምርሒ ሜታስትሪ ጥዕና ነም ዘመልክዩ፡ ሓደ ሰብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ክኣክብ ናብ ትካላት ጥዕና ኣብ ዝኸደሉ ደቂሳ ክኽሕም ከኣ ንኣሮግታት እንዘዘሎ ኣገዳዲጉ ብዘዘኾሰ መጠኑ ከይደቀሰ እናተመሓላለሰ ክሕክም ነምዝሕሎ'ዩ ዘዘዛቡ፡ እዚ ዓይነት ኣጋጣሚ'ዚ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ይስረሓሉ ኣሎ፡፡

ኣብ ትካላት ጥዕና ዓዲ-ኃሊ ኣብ መፋርቕ ናይ ዝሓለፈት ዓመት፡ 3,590 ህጹናት ትሕቲ 5 ዓመት፡ ኣሊታት 22,200 ድማ ቁልዑን ዓበይቲኑ እናተመሓላለሱ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ረኺቦም፡፡ ካብዚኣም ደቂሳም ዝተሓክሙ 360 ትሕቲ 5 ዓመት፡ 1723 ከኣ ቁልዑን ዓበይቲን ነይርኦሙ፡ ማእረ ማእረ'ዚ ኣብ ትካላት ጥዕና'ቲ ንኡስ ዞባ ኣገልግሎት ህጹጽ ረዳኢት'ውን ኣሎ፡፡

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኃሊ ኣብ ትሕቲ 5 ዓመት ዝዕድመኦም ህጹናት ገሊሖም ዝረኣዩ 10 ሕምምት ኣሎዉ፡፡ ካብዚኣም እቲ ብቐዳማይ ደረጃ ዝበራዕ ነድሪ ሳዝእ'ዩ፡ ካልኣይ ከኣሉ ዓይነት ወጽኣት፡ ሳልሳይ ከኣ ሳዕሪዋይ ክፉል ስርዓተ-ምነት'ንኣብ ዘጥፍዕ ነድሪ ወይ ገንፋዕ'ዩ፡ ኣብ ልዕሊ. 5 ዓመት ዝዕድመኦም ከኣ ቀዳማይ ነድሪ ከሰቡ ካልኣይ ነድሪ ስርዓት ሽንቲ፣ ሳልሳይ ከኣ ገንፋዕ ምኳናም ይግለጹ፡፡

ኣገልግሎት ሳቢራቶሪ

ኣብ ኮሚዉ ሆስፒታል ዓዲ-ኃሊ ንምሕእ ዓይኒታት ደም እተጸርር ማሽኑ ጂን ኤክስፐርት ተሃሊ እትጥቀሰ ዝተራቕቐት መምርሒት፡ ንነበ፡ ንኤችኣይቪ፡ ንዓይት ሕምም ወይዶ ቢ፡..ካልኣት ብዙሓት ሕምምት ዘጽሩ ዘመናውያን ናውቲ ሕክምና ዓጠቓ ኣገልግሎት ኣብ ምሃበዩ ዝርከቡ፡ ንዝተመሓላለፍቲ ሕምምት ብቐንዲ፡ ብፍላይ ከኣ መጠን ሕምም ሽርያ ኣብ ደም ኣብ ወኸጠ. ሰሳስት ወርሒ. እንታይ ነምዝመሳል እተጸርር ማሽንን'ውን ተኣታትያ ኣገልግሎት ጀሚራ ኣሎ፡ ካልኣ ንሕመማት ኤችኣይቪ. መጠን ተኸሊኽሉ ዋሆታት ኣብ ደምን ነምኡ'ውን መጠን ጸዕቂ ኻይረስ ኣብ ደም ክንደይ ኣሎ? ኣብ ምንጽር ስሉጥ ኣገልግሎት ዝሓበር ብሲ.ዲ4 ዝኽሰዋ መምርሒ'ውን ተኣታትዩ ኣገልግሎት ጀሚሩ ኣሎ፡፡

ካልኣ ኣገልግሎት ሪጂ ንምጅማር'ውን ዝተራቕቐትን ደጃታዊትን ማሽን ተተኽሊ ኣሎ፡ ኣገልግሎት ሪጂ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ምጅማሩ፡ እየም ንሪጂ ናብ መንደፈራ ዝሕኣኹ ዝሰሩ ሕሙማት፡ ካብ ከተበኡ ብዙሕ ከደረሓቕ ብቐረባኡ ኣብ ኮሚዉ ሆስፒታል ዓዲ-ኃሊ ኣገልግሎት ክኣክብ ኣኽእሎ'ዩ ኣሎ፡፡ ምስኡ ተኣኣኪሩ ዝኸይድ ናይ ኣልትራ ሳውንድን ሕምም ልብ. ንምንጽር ዘድሊ. መሳርሒታት'ዉ፡ እዚኣም'ውን ኣቲ ሆስፒታል ደሮ ዓጠቓዎም ኣገልግሎት ጀሚሮም ኣሎ፡፡

ዶ/ር ርበል ተኾስኡ

ህዝቢ'ዚ ከኣ ብዙሓት ዝተጠቕሱ ናውቲ ሕክምና ኣብቲ ሆስፒታል ሓደ ሕሙም ሕምሙ ተጸሊሩ ብኡ'ኹ ክፍወስ ዕዙዝ ግዲ ነምዝሕዎ ይሕበር፡፡ ብዘይ'ዝ፡ ኣገልግሎት ሕክምና ዓይኒን ሰኒ'ውን ኣሎ፡፡

ኣገልግሎት መጥባሕቲ

መጥባሕቲ ቀልቲን ዓበይትን ተዋሂሎም ብኽልተ መልክዕ ይግለጹ፡፡ መጥባሕቲ ነበስጻራትን ካልእን ምስ ዓቢ. መጥባሕቲ ዝምደብ ክኸውን ከሎ፡ ንሽኖ ደቂተባህጎኖ ዘጠቓልል ከኣ ምስ ቀለል መጥባሕቲ ይምደብ፡፡ ኣገልግሎት መጥባሕቲ ኣብ ሆስፒታል ዓዲ-ኃሊ ብሓደ ሰብ መጥባሕቲ ዝጀመረሉ፡ ኣብ መወዳኣታ ዓመት 2023 ነይሩ፡፡ ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ እቲ መጥባሕቲ ዝጎበር ዝበረ ሰብ ብዘተፈላለየ ምኽንያት ካብ ቦታ ስራሕ ስለዝጠኸሩ፡ ኣገልግሎት መጥባሕቲ ኣይቀጸለን ኣቋረጹ፡፡ ኣብ'ዚ እዋንዚ ግሩ ካልእ መጥባሕቲ ዝጎበር ሰብ ተመዲቡዎ ኣገልግሎት መጥባሕቲ ኣቢቲ ሆስፒታል ጀሚሩ ኣሎ፡፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ወብሓናት ትካላት ጥዕና'ቲ ንኡስ ዞባ ጥራይ ዝወሰብ ዝበረ ክሽኖ ደቂተባህጎኖ ከኣ ኣብዚ እዋንዚ ሰፊሑ ከሰን ትካላት ጥዕና'ቲ ንኡስ ዞባ ዝህሉ ኣገልግሎት ኩይሑ ኣሎ፡፡ ምጽላውን ካልእን ዝደድልዩም ሕሙማት ዘገልግል ኣገልግሎት ፊዝዮትራፒ እውን ኣሎ፡፡

ምቅጽጻር ሰዋሪዶባውያን ሕምምት

"ወህድ ምክትታል ኣሳኒቡ ሕምምት" ብዘብል ንሰዋሪዶባውያን ሕምምት ምክትታልን ቀጻሊ. ተፍትሽ ብምግባር ኣገልግሎት ምሃበን ድማ ቀዳማይ ዕዮ ዝ ናይዛ ኣህዱ'ዩ፡ ካልኣ ካብ እንስሳታት ናብ ሰብ ዝመሓላለፉ ሕምምት፡ ካብኡ ናብኡ ምስ ዶብ ቀጥታዊ ርክብ ክህልወን ይኽእል ዝዘላ ዓዲታት'ቲ ንኡስ ዞባ ብመንዲ ወኪልቲ ጥዕና ዓዲ ኣብለኹ ተርእዮታትን ምልክታትን ሕምምት ከይህልወንን ከይሓሰዩን ተፍትሽ ይካይድ'ዩ፡ ተሳቡቲ ሕምምት ናይ ምቅጽጻር ተፍትሽ ምግባር እውን ሓደ ካብ ዕምምት ናይዛ ኣህዱ'ዩ፡፡

ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኃሊ ካብ ዓሰውቲ ንኡሳን ዞባታት ዞባ ደቡብ ሓደ'ዩ፡ ዓሶ ንምጥፋእ ከኣ ብሓበሪዊ ስራሕን ጻዕሪን ይሓትት፡፡ በዚ መሰረት ህዝቢ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኃሊ ዓሶ ይኸሪን ካልኣት ብጥንጠ ዝመሓላለፉ ኣረሳኒ ሕምምት ንምክልኻል ከኣሉ ዓይነት መሳሊኻ ክጥቀም ይሕተት፡፡

ኣገልግሎት ጥዕና ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኃሊ 110 ምዱቡት ሓኪይም፡ 93 ወኪልቲ ጥዕና ዓዲ፡ 3 ኢጋር ሓኪይም ብድምር 206 ኣባላት ኣለወዎ፡፡

ሽጥ-ጠ

ሃ ማ መ ተ ኤ

ሓሳባት

መእተዊ

ቢንያም መርሃዊ

ነዚ ኣርእስቲ ብዘንብብኩም፡ መእተዊ እሞ ናበይ? ዝብል ሕቶ ኣብ ኣእምሮኹም እናደወለ ምንባብኩም ትጅምሩ ክትህልዉ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ኣርእስቲ ኣልዒለ ክጽሕፍ ዝገበረኒ ነገር እዚ ዝስዕብ እዩ፣

ምስ ሓደ ፈላጥየይ ብዛዕባ ሓንቲ መጽሓፍ ከነዕልል ብዝጀመርና፡ ሓበሬታ ክህቦ ኢሉ፡ “ኣብቲ መእተዊ እኳ ከምዚ እዩ ዝብል። ኣየንብቦኖን ዲኻ?” ብምባል ሓተትኩዎ።

“ኦይ ኣነ እቲ መእተዊ ገለ ዘየንብቦ። ትኽ ኢለ ናብቲ ዘምጽኣኒ እየ ዝኣቱ።” ምስ በለኒ፡ ብዙሕ መጽሓፍቲ ዘንበበ ሰብ ከም ምኳኑ መጠን፡ ካብኡ ዘይተጸበኽዎ ኮይኑኒ ተገሪመ።

“እምባእ እንታይ ኴንካ’ታ? እቲ መእተዊስ ብዛዕባ እቲ መጽሓፍዶ ኣይኮነን?” እንታይ ከም ዝብለኒ እናተጸበኹ ሓተትኩ።

“ዋላ ብዛዕባ እቲ መጽሓፍ ይኹን፡ እቲ ቀንዱ ኣብ ውሽጢ እቲ መጽሓፍ ክጸንሓኒ እዩ ኢለስ ብዙሕ ኣይተገደስኩሉን። ካብቲ ቀንዲ ትሕዝቶ ንላዕሊ እሞ፡ ካልእ እንታይ ከይህሉ እዩ?” የማናይ ኢዱ እናገምጠለ ደጊሙ መሊሱለይ።

“ኣይትጋገ፣ ኣብ መእተዊ ብዙሕ ነገር እዩ ዘሎ። ገሊኡ ኣንፈት ናይቲ ትሕዝቶ ዝህብ ኣሎ። እዚ ከኣ እቲ ትሕዝቶ ብዛዕባ እንታይ ምኳኑን ካብኡ’ውን ማዕረ ክንደይ ጥቕሚ ክትረክብ ከም ትኽእልን ይነግረካ እዩ። ገሊኡ ኸኣ፡ እቲ ጸሓፊ ካበይ ተበጊሱ ከም ዝጸሓፎን፡ መጽሓፊኡ ምኽንያትን ንዕኡ ዝተራእዩ ጥቕምን ኣብ መእተዊ የስፍሮ እዩ። ኣብዚ ሕጂ ንስኻ ካብ መእተዊ ሓደ ነገር ተረዲእካ እንተ ጸኒሕካ፡ ናይቲ ንባብካ እኹል ሓበሬታን መረዳእታን ሒዝካ ክትጓዓዝ ትኽእል ኢኻ። ገሊኡም ጸሓፍቲ’ውን ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ቅሬታ ከይስምዖም ብምባል፡ መጀመርታ መእተዊ ከተንብብ ከም ዘለካ ዝምሕጸኑኻ ኣለው። ኣብ ገለ ገለ’ውን ብዛዕባ እቲ ዝጽሕፍዎ ዘለዉ መጽሓፍ እንታይ እንታይ ሕግታት ተኸቲሎም ከም ዝጸሓፉዎ ዝሕብር ኣብ መእተዊ የስፍሩ እዮም። ንኣብነት ኣብ ገለ ናይ ሓጺርቲ ዛንታታት መጽሓፍ፡ እቶም ናይ ሓጺር ዛንታ ቅጥዕታት ወይ ሓደ ሓጺር ዛንታ ከማልኦ ዘለዎ ቅጥዕታት ብምስፋር ይጅምሩ እዮም። እዚ ከኣ ንሓደስቲ ጸሓፍቲ ይኹኑ፡ ብዛዕባ ሓጺር ዛንታ መበገሲ ወይ እኹል መረዳእታ ዘይነበሮም ኣንብቡቲ ሓጋዚ ይኸውን። ብሓፈሻ ኣብ መእተዊ ዝጸሓፉ ጽሑፋት ነቲ ቀንዲ ትሕዝቶ ብምልኣት ንኽትርድኦን እንታይ ኣብ ግምት እናእተኻ ከተንብቦ ከም ዘለካን ካልእን ዝሕብሩ ስለዝኾኑ፡ ሽለል ኢልካ ክሕለፉ ዘይብሎም እዮም እየ ክብለካ ደልየ።”

“ጽቡቕ ኣለኻ፡ እንድዒ ኣነ ግን ከምዚ ኣቐዲመ ዝበልኩኻ፡ ትኽ ኢለ ናብቲ ትሕዝቶ እየ ዝኸይድ።”

“ስማዕ’ንዶ ክሓተካ፣ ሓኪም ‘እዚ መድሃኒት እዚ ውሰዶ፣’ ኢሉ ክእዝዘካ ከሎ እንታይ ድዩ ዝብለካ? መምርሒ እንድዩ ዝህበኻ፡ ወይ ከኣ ኣብቲ ገበር ናይ መድሃኒት ዘሎ ጽሑፍ ኣንቢብካ ኢኻ ትጥቀመሉ። መድሃኒት ከም ኣብነት ኣምጺእና እምበር ኣብ ካልእ ብዙሕ ነገራት’ውን ከምኡ ኢና ንገብር። እዚ ናይ ጽሑፍ ነገር ከኣ ከምኡ’ዩ ኣብ ገሊኡ መጽሓፍቲ እቲ መእተዊ ኣንቢብኻ፡ ናብቲ ቀንዲ ትሕዝቶ ብዘይ ምእታውካ እቲ ጽሑፍ ወይ ክጕድኣካ እዩ። ወይ ከኣ ክንድ’ቲ ክጠቕመካ ዝኽእል ዘይክጠቕመካ ይኽእል እዩ። ስለዚ መእተዊ ኣብ መጽሓፍትን ካልእ ጽሑፋትን፡ ከም ኣብ ሓደ ክንጥቀመሉ ዝተዋህበና ነገር ዘሎ መምርሒ ክንርእዮ ንኽእል ኢና። ከምቲ ትሕዝቶኡን መበገሲኡን ዘይተረደኣካ ዋዛ ዘየስሕቕ፡ መእተዊኡ ዘየንብብካዮ ጽሑፍ ከኣ፡ ገለ ነገር ከጉድለልካ ይኽእል’ዩ።”

“ከምዚ ምስ በልካ፡ ሓደ መምህር ዓርከይ ኣዘኪርካኒ፡ ዝኾነ ጽሑፍ ከንብብ ከሎ ካብቲ ዝለዓለ ክፋሉ እዩ ዝጅምሮ። ሓደ ሓደ ግዜ፡ ከምኡ ክገብር ክንርእዮ ከለና፡ ‘መጀመርታ ደኣ እታ ወረቐት ከመይ ተቐሪጻ ኣላ ምርኣይ ኣይምሓሸካን?’ ኢና ንብሎ ኔርና። ስለዚ ንሱ ጽቡቕ ልምዲ ኣማዕቢሉ ኣሎ ማለት እዩ።”

“እወ ጽቡቕ ልምዲ ኣማዕቢሉ ኣሎ። ኣነ’ውን ሓደ ግዜ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኢሳቕ ተወልደመድህን እናተማሃርና፡ መምህር ሰናይት ትብሃል ናይ ባዮሎጂ መምህር ኔራትና። ኣብቲ ክላስ ንሓንሳብ ንድሕሪት ጠምቱ ኢላትና፡ ብቓላ መልሲ ጥራይ ከም ትደሊን ኣብ ሓሙሽተ ደቒቕ፡ ወረቐትና ክንህባን ነጊራትና። ኣብ ሰሌዳ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ሕቶታት ግን ‘ዝም ዝስዕቡ ሕቶታት ኣይትመልስዎም’ ኢላ ጽሑፋትሉ ነይራ እያ። እቲ ዝገርም ነዚ ዘስተውዓሉ ውሑዳት ተመሃሮ እዮም፣ ንሳ’ውን ኣላልያቶም እያ። እቶም ዝበዝሑ ተመሃሮ ግን፡ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ደቒቕ ብኸመይ ነተን ሕቶታት ይምልሱወን እዮም ዝሓሰቡ ነይሮም። ካብዚ ኸኣ ሓንቲ ዓባይ ትምህርቲ ተማሂርና ንብለካ።”

“እሞ ንስኻ ከኣ ካብቶም ናብ መልሲ ዝጎየዩ ዲኻ ዋላስ ካብቶም ከይመለሱ ዝሃቡ?”

“ነዊሕ ግዜ ገይሩ ብንጹር ኣይዝከሮን ደኣ እምበር፡ ነታ ፍጻሜ ከምዚ ገይረ ምዝካረይ፡ ምስቶም ናብ መልሲ ዝጎየዩ እየ ነይረ መስለኒ።”

“ጽቡቕ እዩ፡ ናይ ባዮሎጂ መምህርኩም ነዚ ጉዳይ ብኣጋ ከም ትመሃሩሉ ገይራትኩም ኣላ።”

“ናይ ብሓቂ! ዓባይ ትምህርቲ እያ፣ ” በልክዎ፡ ሃሳስ ምስሊ መምህርናን መማህርተይን እናዘከርኩ።

“ድሕሪ ሕጂ ደኣ ንመጽሓፍ፡ ካብ መእተዊ ጥራይ ዘይኮነ ካብ ገበራ ምንባብ ክጅምራ እየ።”

“ግድን እምበር፡ ኣብ ዝበዝሕ መጽሓፍቲ ገበር ናይ መጻሓፍ ብዙሕ ትሕዝቶ እዩ ዘለዎ።”

“ገሊኡስ ካብ ምሕር መልእኽቲ ምብዛሕ ኣይርደኣካን’ኳ፣ ከምዚ ግድላት ኮይኑ’ዩ ዝስመዓኻ። ገበር ናይ መጽሓፍ ከመይ ክኸውን ኣለዎ ትብል፡ ቅልል ዝበለዶ ዋላስ ካብ ምሕር ምብዝሑ መልእኽቲ ዘይርደኣካ።”

“ምስቲ መጽሓፍ ተሳንዩ ዝኸይድ መልእኽቲ እንተ ሃለዎ ኣይጽላእን’ዩ። ገሊኡ ሰብ ከኣ ፍኹስ ዝበለ ትርኢት ገበር ዘለዎ መጽሓፍ ዝፈቱ ኣሎ። ብዝኾነ ግን፡ ብዛዕባ ገበር ናይ መጽሓፍ ከኣ ዕሙቕ ዝበለ ትሕዝቶ ገይሮም ዝጽሕፉልና ጸሓፍቲ ኣይሰኣኑን ይኾኑ ግዲ።”

“ከምኡ ኸኣ ዝበለጸ ምኾነ።”

ሓሳባት

ባሊላ፡ በዘቅዘቕ፡ ፕሮቶኮል

ኣሮን ተስፋኣለም

ገለ ሰነዳት ከም ዝሕብሩዎ፡ ተመኮሮ ኤርትራውያን ምስ ተሽከርከርቲ፡ ካብታ መግዛእቲ ጣልያን መጓዓዝያ ምድሪ ንምህናጽ ምእንቲ ክትሕግዙ ኣብ 1890ታት፡ ብ‘ሼንት ኡነ’ ትፍለጥ ናይ ጽዕነት መኪና ምስ ኣእተወ እዩ ዝጅምር። ስለዚ፡ ካብዚ ተበጊሱ ምስ ተሽከርከርቲ ዝተኣሳሰር ፍሉይ ልምዲ ክምዕብል ባህርያዊ እዩ። ንኣብነት ስፖርት፡ ምስ ተሽከርከርቲ ዝተኣሳሰር ሞያ፡ ንግዲ፡ ትሕተ-ቕርጽን ኣገልግሎታትን ወዘተ. ክንጠቅስ ንኽእል። ምስያም መካይን’ውን ብተመሳሳሊ መቐጸልታ ናይዚ ድሒሩ ዝምዕብል ፍሉይ ልምዲ ከይኮነ ኣይተርፍን።

ኣብ ውሽጢ ኣስማት መካይን ብዙሕ ትርጉም እዩ ዘሎ። ካብ ቀደም ኣትሒዝ ኣብ ሕብረተሰብና ህብብቲ መኪና ‘ባሊላ’ እያ። ኣብ ገለ እዋን፡ ገሊኣትና፡ ነዚ ‘ባሊላ’ ዝብል ከም መጸውዒ ናይ ኩለን ንኣሽቱ (ናይ ገዛ) መኪና ንጥቀመሉ ኔርና ንኸውን ኢና። ‘ባሊላ’ ግን መሰረቱ ሳጓ ናይ ሓደ ኢጣልያዊ ሓርበኛ እዩ ነይሩ። ዓዲ ጥልያን ሃገራውነት ከተስርጽን ከትሃንጽን ትንቀሳቐሰሉ ኣብ ዝነበረት እዋን፡ ነታ ናይ 1932 ስርሓት ፋብሪካ ፍያት ዝኸኑነት ስምይቲ መኪና፡ ንኽብሪ እቲ ኢጣልያዊ ሓርበኛ፡ ‘ባሊላ’ ዝብል መጸውዒ ኣጠሚቓታ።

‘ቶዮታ’ ዝብል ስም ብተመሳሳሊ ንኽብሪ እቲ ነቲ ኣብዚ ሕጂ እዋን ልዑል ቦታ ሒዙ ዘሎ ጃፓናዊ ትካል መፍረ መኪይን ዝመስረተ ኪቺሮ ቶዮዳ ዝስሙ ሰብኣይ ዝወጽአ መጸውዒ እዩ።

ፍሉይ መንነት ናይ ተሽከርከርቲ፡ መብዛሕትኡ እዋን፡ ገጸንን ኣካለንን (ትርኢተንን ቅርጸንን) መሰረት ጌሩ እዩ ዝወጽእ። ናይ መካይን ቀየስቲ ነዚ ስለ ዝፈልጡ ድማ እዮም ናይ ጽዕነት መካይ፡ በጣሓትን ናይ ስፖርት መካይንን ብቕድሚኣን ክፉኣትን ነግራማትን ኣምሲሎም፣ ንብዓል ‘SUV’ን ናይ ገዛ መካይንን ግን ፈኩሱ ዘይጸባእን ተሳናዩን ትርኢት ዝህቡወን።

ስርሓትን ሞዴልን፡ ሕብሪ፡ ፍጥነት፡ መዓላ መኪና ወዘተ.፡ ብልምዲ፡ ስም መኪና ኣብ ምምራጽ ኣብ ግምት ዝኣትዉ ረቛሒታት እዮም። እቲ ዝሰርሐን ፋብሪካ ዝጠቀዓለን ስም ዘይማእምአ ግዲ ኩይኑ ‘ሕብሪ’ንጭዋ’ ተባሂለን ዝፍለጣ ምካይን ኣለዋ። ‘ወያነ’ ነተን ኣብ ከባቢ ወራር ወያነ ዝኣተዋ ክኹና ዝኽእላ ሻድሻይ ወለዶ ‘ኮሮላ-ቶዮታ’ ዝተዋህበ ስም እዩ። ነተን ሻብዓይ ወለዶ ድማ ‘ፕሮቶኮል’ ዝብል መጸውዒ ተዋሂቦወን። ‘ኩሊት’ ነተን ዘይሕጋዊ ፍልሰት ደቂሰብን ምሻጥ ኣካላት ዝተጨውዩ ስደተኛታትን ኣብ ብዓል ሊብያን ካልኦት ኮርናዓት ናይ ዓለምን ግኑን ኣብ ዝነበረሉ እዋናት (ከባቢ 2012/2014ታት) ዝተቐላቐላ፡ ናይ ኩሊት ቅርጺ ዝውንና መካይን ዝተዋህበ ስም እዩ። ‘ኮልቲ’፡ ‘ሻርክ’፡ ‘ጃምቦ’፡ ‘ዓይኒ-ዓሳ’፡ ‘ዓይኒ ብዕራይ’፣ እቲ ዝርዝር ነዊሕ እዩ።

ናይ ‘ፎርድ’ መስርሕ ምስማይ መኪና ምስ እንርኢ፤ ፈለማ ካብ ናይቲ ትካል ወኪል ዕድጊ፡ ቅየሳን ክፍሊ መራኸቢታትን ሓደ ጉጅለ የቕሑሙ። ክሳብ 150 ዝኸውን ኣስማት ድማ ይእክቡ። ካብዚኣቶም ዝተመርጸ ኣስማት ኣሉታዊ ወይ ዘይግቡእ ትርጉም ከይህልዎ መርመራ ይካየደሉ። ካብቲ ትካል ወጻኢ ብደገ ኩይነን ስም ዘውጽኣ ትካላት’ውን ከም ኣገዳስነቱ ኢደን ይሕውሳ እየን። ኣብ መወዳእታ እቲ ዝተነፍየ ኣስማት ብኻልእ ተታሒዙ ከይህሉን ሕጋዊ ምጽፋፍ ተገይሩሉን ብላዕለዋይ ኣካያዲ ስራሕ (ሲኢኦ) ይጸድቕ።

ጨንፈር ናይ ጀነራል ሞቶርስ ዝኸኑ ‘ቸቪ (Chevy)’ ነቲ ኣብ 1976 ዝነበረ ‘ስቲንግረይ (Stingray)’ ዝብል ስም ደጊሙ ን‘ኮርቬት (Corvette) 2014’ ክህብ ብምፍታኑ፡ ተደመሮ እዚ ናይ ‘ፎርድ’ መስርሕ ኣሰያይማን ተደመሮ ናትና ተመኮሮ ናይ ስም ኣወሃህባን ተገንዚብኑ፡ “ምስማይ መካይን ጥበብን ስኑ-ፍልጠትን እዩ፣” ኢልካ ደፊርካ ንኽትዛረብ የኽእለካ።

ሓደ ሓደ እዋን ስም መኪና፡ ቡቲ እቲ ዝተሓርየ ስም ዘለዎ ድምጽን ንሱ ዝእምቶ መልእኽትን እዩ ዝምረጽ። ከም ብዓል ለክሰስ (lexus) ዝኣመሰሉ ኣስማት መካይን እንተ ወሲድና፡ ናይ ሓቂ ቃላት ኣይኮኑን፣ ግን ለክሰስ ንምቾትን ተክኖሎጂን ከስምዕ ይኽእል እዩ ተባሂሉ ዝተመርጸ ስም ኩይኑ ኢና ንረኽቦ። ንምልክት ናይ ኣንስቲ ሓለቓታት ናይ ክልተ ካምፓኒታት ትውክል ብ‘Taurus’ ትፍለጥ መኪና ከም ዘላ ምስ ፈልጥካ፡ ኣሰያይማ መካይን እምበኣር ደረት ኣልቦ እዩ ዘዩብል ኣይኮነን። ብተመሳሳሊ ኣብ ዓድና፡ ኣብዚ ድሒሩ ዝሰዓበ እዋናት፡ ደላሎ ከም ዝጠዓሞም ዝጠመቕወን መካይን ውሑዳት ኣይኮናን።

እቲ ፍርያት ነቲ ስም እንተ ሰሪሑዎ ጨለ ነገር እዩ፣ ብኣንጻሩ እንተ ኾይኑ ግን ኣሰካፊ ምኳኑ ዘይምዝንጋዕ። ስለዚ፡ ልዕሊ ስም፡ ብቕዓት ናይታ መኪና ከገድስ ይግባእ። ምስዚ ዝተኣሳሰር፡ “ንቶዮታ፡ ቶዮታ ስለ ዝኾነት ጥራይ ዘይኮነ፡ መቀያየሪ ንብረት ብቕሊል ክንረኽበላ ስለ ንኽእልን ብተክንሻናት ልምድቲ ስለ ዝኾነትን ክንመርጻ ጸኒሕና፡ ” ብምባል ገለ ገለ ተክንሻናት ምስ ተሓተቱ ዝምልስዎ መልሲ፡ ንእግረ-መገድና ምኽባሩ ሕማቕ ኣይኩነን።

እተን ኣብ ፈቐዶኡ ዝጸንሓኻ ብ‘ካታንጋ’ ዝብል ስም ዝተጠመቓ መካይን ምስ ረኣኻ፡ ነተን ‘በዘቅዘቕ’ ዝስመን ኣብ ዘመነ ሃይለስላሴ፡ ካብ ኣስመራ ናብ ከባቢ ዓድታት ዝዋፈራ ዝነበራ መካይን ምስ ዘከርካ፣ ነተን ላዕሊኣን ክፉት ስለ ዝኾነ ‘በጣሕ’ ዝተባህላ ናይ ጽዕነት ምካይን ምስ ኣልዓልካ፣ ኮታ ኩሉ ተሓዋዊሱ ኣብ ኤርትራ ምስ ተሽከርከርቲ ዝተኣሳሰር ነዊሕ ድሕረ-ባይታ ዘለዎ ባህሊ ከም ዝጸንሐ የመልክት። እዚ መኪና ናይ ምስያምን ንዕኡ ዝመስሉ ተመኮሮታትናን ኩሉ ደማሚርና፡ ናይ መካይን ኢንዱስትሪ ክንምስርት ኣብ ዝበቓዕናሉ እዋን፡ ነታ ፈለማ ዝተሰንዐት ብኸላ ዘይተስዕብ (ምስ ኣከባቢ ትቃጽ) መኪናና ‘ዓዋተ’ ዝብል ስም እንተ ኣውጺእናላ ከመይ ይመስለኩም?

ሓሳባት

ሰሪክ ክፍል
መባል 35 ክፊል

ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ኣብ ዝሓለፈ ክፊላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ምሕደራ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣካላት፡ ክልሰ ሓሳብ X & Y ኣብ ኣጋብብ ምሕደራ ብምምልካት፡ መራሕቲ ኩሉ ሳዕ ሓደ ዓይነት ምሕደራ ነዋህዘክብሉ ዘርኢ. ኣብኪታት ኣቕሪቦ ኸኣ። ቀጺልና ኣብ እዋን ቃልሲ. ኣብ ኤርትራ ዝካይደሉ ዓይነት ምሕደራ ነፃ ድሕሪ ናጽነት ዝቐጸለ ምሕደራ ብመንጽር'ዚ ክልሉሓሳባትዚ ድሕሪ ምግምጋም፡ 'ደሞክራሲ እንታይ እዩ?' ናብ ዝብል ኣርእስቲ ሰጊርና። 'ህዝቢ ንደሞክራሲ ብኸመይ ይርድኦ?' ንምርኣይ ድማ ናይ ልዕሊ. ሓደ ዘመን ተመክሮ ደሞክራሲ. ዘለዎ ህዝቢ በልጃም ንደሞክራሲ. ኮመይ ይገልጾ ንምፍላጥ ዝተሞደደ መጽናዕቲ ቀጺልና ክንርእዮ. ኢና።

***

ክረሰ ደምሰርን ተሓብርቱን "ናትካ ደሞክራሲ'ዶ ናተይ - ፖለቲካዊ ርቕትን (ምርጫቕ) መራጽታ ደሞክራሲን" ዝብል ዋሚቕ መጽናዕቲ ኣብ 2010 ሓቲሞም። (YOUR DEMOCRACY OR MINE? POLITICAL SOPHISTICATION AND DEFINITIONS OF DEMOCRACY: Kris DESCHOUWER. Workshop on 'The Dilemma of Political Sophistication and Political Equality' Münster, 22-27 March 2010)።

ክረሰን ተሓብርቱን ነዋዝ ይብሉ

"ደሞክራሲ ዝተሓለለፍሉ ኣገራትና ኣምር እዩ። ደሞክራሲ. እንታይ ማለት'ዩ? ወይ እንታይ ክኸውን ኣለዎ? ኣብ ዝብል ሕቶ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ተዋፃእቲ ዝተፈላለየ ርእይቶ ኣለዎም። ደሞክራሲ. ዝተፈላለየ ትርጉምን ከተርናዕን ኣለዎ። ኣብዚ መጽናዕቲ'ዚ፡ መራጽታ እየም ወትሩ ዝዘየዎዉን ዝርከዉን ናይ ዚጋታት መራጽታ ደሞክራሲ. ኢና ክንትንትኑ። ኣብ ምርጫ በልጃም ዝደምጹ ዚጋታት 'ደሞክራሲ. ንምፃ'ንምፃኺ. እንታይ ማለት እዩ?' ዝብል ክፊት ሕቶ ኢና ኣቕሪብናሉዎ።" ብምባል ዕሚቕ መጽናዕቶም ይገልጽዎ።

ዝ. መጽናዕቲ'ዚ. ኣብ ምኽያድ፡ ኣብ ባይታ ኣድመጽቲ ብምርጫ ፍትው ሕቶ ብምሕታት ሓበሬታ ተኣኪቡ። ነዋዝ. ዓይነት ክፊት ሕቶ፡ ሓያል ዝኾነ ሰባት ዝመሳሰሎም ነዋልሱ ስለዘተባበዮም እዩ። ይኹን'ምባር ነቲ ብፍትው ዝተገልጸ መልክዕ ከተትሕዝ ወይ ክትብዋሮ ቀሊል ኣይኮነ፡ ክረሰን ተሓብርቱን ካብቲ ፍትው መልስቲታት ኣስታት 2,400 ንደሞክራሲ. ዝገልጽ ኣምራት ኣከማዕሉ። ዝ. መገለጺታት ንምትንታኑ ክጥዕም ድማ ነቲ ብልሙድ ዝዝዓል መገለጺ. ደሞክራሲ. ኣብ ሰሌዳ ሰሪዖሙ። እተን ቀዳማት 13 መዐቐኒታት ነዋቲ ልሙድ ፖለቲካዊ መገለጺታት ኮይነን (ጽኒሕና ክንምለሶ ኢና) ነተን ናይ መጨረሻ ሓመሽቲ መዐቐኒታት ኣመልኪቶም ዝዓብዎ መበርሂ ግን ምጥቃሱ ኣጉዳሲ እዩ።

ኣብቲ መዐቐኒ ጸበጥቕ ህይወት ነም ኣዎንታዊ ወጽኢት (result) ደሞክራሲ. ተገሊጹ ኣሎ። ትርጉሙ ድማ፡ 1) ድሕነት ዘረጋግጽ ስርዓት (welfare state) 2) ማሕበራዊ መድሕን (social security) 3) ሓለዋ ጥዕና (health care) 4) ጥሮታ (pensions) 5) ህላወ ዕድል ስራሕ (availability of jobs) ወዘተ. ተዛሊሉ ቀሪቡ ኣሎ።

ምስ ሕሊፍ ምውድዳር ንብር መገለጺ. ደሞክራሲ. ኣይተሃጉ። ይኹን'ምባር ገለ ካብ ኣድመጽቲ ኣብ ክንዲ. ብቕጥታ መራጽታኦም ብዘዕባ ደሞክራሲ. ገበልጹ፡ "ቀደም ጸበጥቕ ነይርና"፡ "ካብ ቀደም ሕጂ ይሓደሽ" ዝብሉዎ፡ ምስ ታሪኽ ወይ ስሉሓኒ ኣተሓሕዛም ዝሰብዎ መልሲ. ዝገልጽ እዩ። ኣብቲ መጽናዕቲ ገለ ካብ ኣድመጽቲ ብቕጥታ ኣብ ክንዲ ዝምልሱ ብዘዕባ ደሰ ዘይብሎም ወይ ዘይሰማምዕሉ ነገራት እየም ተዛረባዮ። ገለ ኣድመጽቲ ደማ ደሞክራሲ. እንታይ ማለት እዩ ጠሪሖም ኣይገለጹሉ። ብዘሉም ልዕሊ. 1 ካብ 10 ምኳኑ ደማ ነየም መጽናዕቲ ዘቕዩሉ ሰባት ኣብዚ ዝደንጽዎም ይመሳሰል። ገለ ኣድመጽቲ መልሲ. ደህቡ ግን ምስቲ ንብር መገለጺ. ደሞክራሲ. ዝዝዓል ዘይዝመድ ይኸውን። ንኡቡት "ደሞክራሲ. ንገነሰ እዩ" ዝብል መልሲ. ብቕጥታ ምስ መገለጺ. ደሞክራሲ. ዘይተሓሓዘ ኮይኑ፡ ብሃገነሰ ክንመሓደር ይሕሸና ዘሎዎ'ውን ክኸውን ይኽእል።

ህዝቢ. በልጃም ንደሞክራሲ. ብኸመይ ይገልጽ?

ኣብቲ መጽናዕቲ ዝተሳተፉ 2,331 ኣድመጽቲ እየም፡ ዝሰብዎ መልሲ. ደማ ኣብ 18 መዐቐኒታት ነዋዝ ዝተፈጥሐ ይሓደሽ" ዝብሉዎ ምስ ታሪኽ ወይ ስሉሓኒ ኣተሓሕዛም ዝሰብዎ መልሲ. ዝገልጽ እዩ። ኣብቲ መጽናዕቲ ገለ ካብ ኣድመጽቲ ብቕጥታ ኣብ ክንዲ ዝምልሱ ብዘዕባ ደሰ ዘይብሎም ወይ ዘይሰማምዕሉ ነገራት እየም ተዛረባዮ። ገለ ኣድመጽቲ ደማ ደሞክራሲ. እንታይ ማለት እዩ ጠሪሖም ኣይገለጹሉ። ብዘሉም ልዕሊ. 1 ካብ 10 ምኳኑ ደማ ነየም መጽናዕቲ ዘቕዩሉ ሰባት ኣብዚ ዝደንጽዎም ይመሳሰል። ገለ ኣድመጽቲ መልሲ. ደህቡ ግን ምስቲ ንብር መገለጺ. ደሞክራሲ. ዝዝዓል ዘይዝመድ ይኸውን። ንኡቡት "ደሞክራሲ. ንገነሰ እዩ" ዝብል መልሲ. ብቕጥታ ምስ መገለጺ. ደሞክራሲ. ዘይተሓሓዘ ኮይኑ፡ ብሃገነሰ ክንመሓደር ይሕሸና ዘሎዎ'ውን ክኸውን ይኽእል።

ካብቲ ክኢላታት መገለጺ. ደሞክራሲ. ዝብልዎ 15 ርቑሕታት፡ ኣድመጽቲ በልጃም ዝጠቐሰዎ ሓፈሻዊ ንምጋም ክወሰድ እንከሎ ዘለዎም መራጽታ ብዘዕባ ንብር መገለጺ. ደሞክራሲ. 2 ካብ 15 ኣደባጽሕን እዩ። በልጃም ንልዕሊ. 100 ዓመት ደሞክራሲያዊ ምርጫ ኣካይዱ ማኣከለይ ሓፈሻዊ ኣድማጺ. በልጅማዊ ካብቲ ሊቃውንቲ ደሞክራሲ. መገለጺ. ደሞክራሲ. ዝብልዎ ትሕቲ 2 ርቑሕ. እዩ ዝጠቕሑ፡ እዚ. ከኣ ካብቲ ኣብ ካልኦት ሃገራት ምዕራብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ብዘሎ ኣደባጽሕ ክኸውን ይኽእል።

ካብቲ ንብር መገለጺ. ደሞክራሲ. ዝዝዓል 15 ርቑሕታት ዳርጋ ፍርቂ ኣድመጽቲ (49.3%) ሓንቲ ርቑሕ. እየም ዝሬልጡ፡ ንብር መገለጺ. ደሞክራሲ. ጨረሻም ዘይሬልጡ (14.5%)፡ ሓደ ርቑሕ. ዝሬልጡ (34.8%)፡ ክልተ ርቑሕታት ዝሬልጡ (33.6%) ደሚርካ 82.9% ኣድመጽቲ ክልተ ርቑሕ. ወይ ካብኡ ንታሕቲ እየም ዝሬልጡ፡ ካብ 2,331 ኣድመጽቲ ካብ'ቲ ክኢላታት ተገይሩ፡ መልሲ. ዘይብሉ (11.4%)፡ ዘይንብር መልሲ. ዝሃቡ ድማ (3.1%)፡ ብድምር 14.5% ደሞክራሲ. ማለት ደሞክራሲ. ንብር መገለጺ. ዝብልዎ 15 ርቑሕታት፡ ሓደ ኣድማጺ. ጥራይ 7 ርቑሕታት ደሞክራሲ. ጠቐሰ።

ጸኒሕና ኣብ ዝቐጸል ክፊላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ. ነም እንርእዮ እተን ባጀላ ደሞክራሲ. ዝወደላ ናይ ምዕራብ ግብሪ ሰናይ ማሕበራት ነም 'ሰውፍልጠታዊ' መዝምሪ. ዝጥቀማሉ፡ ርቑሕታትን ንኡሳ ርቑሕታትን ደሞክራሲ. ኣማኢት ናይ ገለአን ከኣ ሸኣ ዝወጽሕ እዩ። እየም መጽናዕቲ ዘቐዩሉ ክኢላታት፡ ካብ ኣድመጽቲ በልጃም ክሳብ ክንደዚ. ድኸም መልሲ. ምርብም ዝመረጽዎ ርቑሕታት "ንብር መገለጺ. ደሞክራሲ." ብዙሕ ካብኡ ተመሳሳሊ. ብምኳኑ ይጠቐሱ፡ ዝ. ድኻም ንምኣሊይ ድማ ነቲ ርቑሕታት ብምጥማር ትንታነ ኣካይዶም፡ እዚ. ዝሰዕብ መበርሂ. ድማ ኣቕሪቦም፡

ካብቲ ዝዘዘርዝረ ርቑሕታት እየም ቀዳማት 6 ብቕንዱ ደሞክራሲያዊ ኣገባብን ትካላትን ምስ ፖለቲካዊ ተሳትፎን ወትልናን ዝተሓዘ ኮይኖም ብሓፈሻ "ትካላት" ተዛሊሎም ክገልጹ ዝኽእሉ እየም፡ ትካላት ኣብ መሳርሕ ደሞክራሲ. ነም "ኣታዊ" (input) ዝገልጹ እየም፡ እቲ ካልኣይ ክፊል ርቑሕታት፡ "ክብርታት" ዝገልጽ ኮይኑ፡ ማዕርጋት፡ ናጽነት፡ ምትእኣልን ግብሪት ሕግን የጠቓልል፡ ይኹን'ምባር ናጽነትን ማዕርጋትን ብሓደ ወይ ተመሳሳሊ. ክብሪ (same value) ኣዩዋትን ዝገልጹ፡ ስለ'ዚ. ድማ ን"ክብሪ" ኣብ "ናጽነት"፡ "ማዕርጋት"፡ "ምትእኣል" ከፊፈልና ክንገልጾ ኢና። እዚ. ድማ ምስቲ፡ ናይ ሰውራ ፊረንሳ "ናጽነት"፡ "ማዕርጋት"፡ "ምትሕግጋዝ" ዝብል ዕላማታት ተመሳሳሊ. እዩ፡ ኣብቲ ወጽኢት መጽናዕቲ "ምትሕግጋዝ" 8.5% ጥራይ ድምጺ. ብምርኻቡ ኣብ ዝሰዕብ ትንታነ ኣብ ግምት ኣዩዋኣትዎን ኢና ይብሉ፡ (ብዙሓት ኤርትራውያን ናጽነትን ማዕርጋትን ኣብ ገለ እዋናት ተገራጋፊ ዝምድና ከምዝለዎ ኣይንዎዝዘበን ኢና። ሃገራት ኣፍሪቃ ብዙሕት ማሕበራዊ ጉጅለታት ወይ ኤትኒክ ስለዘለወን ትርጉም ናጽነትን ማዕርጋትን ልዕል ኣጉዳዪት ኣለዎ፡ ዝ. እውን ጸኒሕና ክንምለሶ ኢና።)

በየም ኣጸናዕቲ ምምዕርራይ ምስ ተገብረ፡ ካብቲ ሓበሬታ ንጹር መረጽታ ወይ ዝጎሊ ነዋዝ ዝተዋሃበ ይገልጹ፡ ኣብ መረጽታ ህዝቢ፡ "ክብርታት' (62.2%) ካብ 'ትካላት' (39.5%) ንላዕሊ. ዝዩዳ ኣጉዳዪት ኣለዎ፡ በልጅማውያን ኣድመጽቲ ደሞክራሲ. ብዘለዎ ደረጃ ነም መሳርሒ መትካላት፡ ብዘተሓዘ ደረጃ ድማ ነም ኣገባብን ትካላትን (rules and institutions)፡ ነም ተሳትፍትን ወትልናን ምሕደራ ህዝቢን እየም ዝርኢዩዎ፡" ኢሉም ድማ ይድምድሙ።

ብዘዕባ ደሞክራሲ. ዝኸብኩ ምዕራባውያን ይኸኑ ናብዓም ዘረባ ዝደግሙ ኣፍሪቃውያን ወጊሕ ጸቢሕ ብዘዕባ "ኣገባብን ትካላትን" ደሞክራሲ. ነዋዛ፡ ብዘዕባ ህዝቢ. "ክብርታት" ዝብሎ ጻዕርጋ ጨረሻም ኣይዛረቡን እየም፡ ኣብ መሳርሕ ምህናጽን ምዕቃብን ደሞክራሲ. "ኣገባብን ትካላትን" ኣገደስቲ ኮይኖም ህዝቢ. "ክብርታት" ዝብሎም ከኣ ልዑል ኣጉዳዪት ኣለዎም፡ ኣብ ዝተሓለፈ ክፊላት ናይ ጽሑፍና፡ ህዝቢ. ኤርትራ ካብ ጥንትን ኣብ ግዜ ቃልሲን ዘሕለፎ "ክብርታት" ጠቐሲና ኣለና፡ እየም ተጠቐሲም ዘለዉ. ክብርታት ልክዕ ደየም ኣይዓኑን ዝክትዕን ምኽራምን ክፊት እዩ፡ ይኹን'ምባር ነቲ ህዝቢ. "ክብርታትና" ዝብሎ ኣብ ግምት ዘእቱ "ኣገባብን ትካላትን" ደሞክራሲ. ካብ ጨለ ዘረባ ሓሊፉ ብዙሕ ትርጉም የብሉን፡

ኣብዚ. መጽናዕቲ'ዚ. ካልእ ኣገዳሲ. ሓበሬታ መረጽታ ኣድመጽቲ ብመንጽር ደረጃ ትምህርቲን ጾታን እዩ፡ ኣብዚ. ኩሉ ብዘርዝር ነቐቕርቦ ኣይኮንኑ፡ ብሓጺሩ ግን ካብየም ልዑል ትምህርቲ ዘለዎም (ብዘውሓደ ናይ ዩኒቨርሲቲ ዲግሪ) 2.7% ጥራይ "ሰቕታ" ዝመረጹ ክኾኑ እኽሊወ፡ ካብየም ትሕቶት ትምህርቲ ዘለዎም (ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝተማሃሩ) 28.5% "ሰቕታ" ዝመረጹ እየም፡ ካብዚ. ተጠቢሶም ድማ ርቑሕታት ደሞክራሲ. ንምግለጽ ልዑል ደረጃ ትምህርቲ ሓጊዝ. ምኳኑ ይገልጹ፡

ካብዚ. ናይ በልጃም መጽናዕቲ እንታይ ንዝብ? ብፍላይ ድማ ምስቲ ናይ ምዕራብ ሊቃውንቲ ደሞክራሲን ገርቲ ሰናይ ማሕበራት ዝዝዓሃ ዝጥቀምሉ 'ሰውፍልጠታዊ መዐቐኒታት ደሞክራሲን'፡ ዝሃገብ 'ባጀላ ደሞክራሲን' ኣተሓሒዝክ ክረኢ እኽሊ እንታይ ንዝብ? ኣብ ዝቐጸል ጽሑፍና ክንርኢ. ኢና፡

ይቐጽል . . .

ሎሚ ኣብ ERI-TV

ሰዓት	መደብ
12:00	ሃገራዊ መዝሙር
12:02	መቓልሕ መንኣሊያት
12:30	ዜና (ትግርኛ)
12:50	ዜና ስፖርት
12:55	ዋዕላ
13:30	(ዜና ዓረብ)
13:45	ቦኣል ልደት ምስ ኣባላት መጋበር ሳዋ
15:50	ናትራን 1ይ ክፊል
17:00	ዜና (ትግርኛ)
17:15	ጸባቐ
17:30	ዜና (ዓረብ)
17:40	ናትራን 2ይ ክፊል
19:07	ፊደራና
20:00	ዜና (ትግሪ)
20:15	ተኸታታሊት ፊልም ዕርሌ
21:00	ዜና (ትግርኛ)
21:25	ፊልም ፈንቅል
22:00	ዜና (ዓረብ)
22:15	ዘዋሪት ካሜራ
22:30	ዜና (እንግሊዝ)
22:40	እትመት ሰትሓም

ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ሽሪዓ

ሰሚራ ካፍል ኣድምፃ ብዮል ቤተይ መሓመድ ኣሕመድ ኣደም ስለዘዝረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ደቁ ወረስቲ ምኳንና ደረጋጽልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ሽሪዓ ይቕረቡ፡፡

ሰዒድ ዑሰማን ኣሕመዲን ወድና መሓመድ ነር ሰዒድ ዑሰማን ስለዘዝረፈ፡ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምኳንና ደረጋጽልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/25 ኣብ ቤት ፍርዲ ሽሪዓ ይቕረቡ፡፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሳብ ጸጋይ ቦኽረጽዮን፡ ኣቦይ ጸጋይ ቦኽረጽንን ኣደይ ብርሸ ተከኤን ስለዘዝረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስት ምኳንና ደረጋጽልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/25 ኣብ ቤት ፍርዲ 1ይ መጋኺያ ቁ/47 ይቕረቡ፡፡

ኣብ መንነ ከሳሲ ኣቶ ምሕረትኣብ የማነ ዳምጦን ተኸሳስቲ ባህዋዊ ጉዳያት ህግደፍ +1ን ዘሎ ናይ ጉድኣት ካሕሳ ጉዳይ፡ ኣብ ቤ/ፍ/ዘ/ማእከል ደርኢ ስለዘሎ፡ ተኸሳሲ ቁ2 ኣቶ ንብሩ ክብርኣብ በራኺ ኣድረሻኡ ስለዘይተፈልጠ ብንዚጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን24/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋኺያ ቁ/37 ይቕረቡ፡፡

ዘውዲ ኣሰፍነ ፍነሃዩ፡ ኣቦይ ኣሰፍነ ፍነሃዩ ወልደሃዋርያ ስለዘዝረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ደረጋጽልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን05/03/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋኺያ ቁ/47 ይቕረቡ፡፡

ሳሙኤል ብርሃ ንብረትንኣኬ፡ ኣቦይ ብርሃ ንብረትንኣኬ ሓደራ ስለዘዝረፈ፡ 9 ደቃ ወረስቲ ምኳንና ደረጋጽልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47 ይቕረቡ፡፡

ወ/ሮ ኣለም ግርማይ ሓጎስ፡ ኣቦይ ግርማይ ሓጎስ ተኽሊፆን ኣደይ ኣረጋሽ ጸጋይ ሰርጹን ስለዘዝረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ህልዋት 1 ተተኣኢ ወዳ ወረስቲ ምኳንና ደረጋጽልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋኺያ ቁ/32 ይቕረቡ፡፡

ኣብ መንነ ኣመልከትቲ ተኸሳቲ ሃይለ ገዘሀይ፡ ወከል ወ/ሮ ኣስቴር ተኸሳቲ ሃይሉ ኣቶ ቢንያም ተኸሳቲ ሃይለን ተቓዋሚ ኣቶ ተኸሳቲ ሃይለ ገዘሀይን ዘሎ ናይ ጥፋእ ምርግጋጽ ጉዳይ፡ ኣቶ ቢንያም ተኸሳቲ ሃይለ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ ብንዚጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን28/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋኺያ ቁ/41 ቅረቡ፡፡

ሚኻኤል መንግስትኣብ ሃብተጽዮን ምባል ተሪፉ፡ ፍትሒ መንግስ ሃብተጽዮን ተሃጊሉ ይተኣረመሎይ ስለዘበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋኺያ ቁ32 ይቕረቡ፡፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ ኣ'ክሊ

ከሳሲት ወ/ሮ ንግስቲ ሃብተማርያም ተድላ፡ ተኸሳሲ ዶ/ር በርሀ ተኪኤ ተሉ፡ ናይ ስም መካና ምትሕልላፍ ክሲ ቀረብልካ ስለዘሎ፣ ኣብ ወሽጠ. ሃገር ስለዘለኻ ብንዚጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ 23/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምኳኑ ኣፍልጥኩ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሰፊት ተወልዲ፡ ወከል ኣሮን መዓዝኣብ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሜሎዳ ተኸሲ ደባኑ ናይ ገዝዘበ ክሲ. ቀረብልክ. ስለዘሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ጉዳይኻ. ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምኳኑ ኣፍልጥኩ፡፡

ወ/ሮ ሚዛን ንብረስላሴ ተኸሳማርያም፡ ብዮል ቤተይ ብርሃ ንብረሚኻኤል ብስራት ስለዝተሰወኑ፡ ንጓይ ናይ መጋምዲ መሳስሊ ይተሓለወሎ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ደረጋጽሉም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋኺያ ይቕረቡ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ኣለም ኑጋሽ ተኸፈመኑዋርያኒ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሰምረት ተወልደብርሃን ወልደገያርገስ ናይ ስም ምትሕልላፍ መካና ክሲ. ተመሳሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን23/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋኺያ ቅረቡ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ጉዳይኻ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምኳኑ ኣፍልጥኩ፡፡

ት/ዕድመ ኣቢጋይል ጎይትኣም ኣሊያስ ምባል ተሪፉ፡ ማዘር ጎይትኣም ኣሊያስ ተዛሊሉ ይተኣረመሎይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋኺያ ይቕረቡ፡፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ኣብ ሃብተዩም የወሃነስ መሾ ምባል ተሪፉ፡ ኣብ ሃብተዩም የወሃነስ መሾ ተዛሊሉ ይተኣረመሎይ፣ ስም ኣደይ ድማ ንግስቲ ተኸፈጋብር ክፍለ ምባል ተሪፉ፡ ንግስቲ መሾ ክፍለ ተዛሊሉ ይተኣረመሎይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ጸጋ ወረደ ዘርኣይ፡ ስም ኣደይ ሓረጉ ተኸለ ተሞኑ ምባል ተሪፉ፡ ረዳት ኣርኣያ ንብረመድህን ተዛሊሉ ይተኣረመሎይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

ኣፈሶን ንብረሂወት፡ ስም ኣደይ ሰናይት ሃብትኣብ ጸጋይ ምባል ተሪፉ፡ ቅሳት ሃብትኣብ ጸጋይ ተዛሊሉ ይተኣረመሎይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ኣደን ወልደሚኻኤል በሽራ፡ ብዮል ቤተይ ኣማኒኤል ንብረኣምላኽ ስለዘተሰወኑ፡ ንጓይ ናይ መጋምዲ መሳስሊ ይተሓለወሎ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ደረጋጽሉም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

መኣዛ ወልደስላሴ ተኪኤ፡ ብዮል ቤተይ ኣሰፋው እዮስኣብ ሃይለማርያም ስለዘተሰወኑ፡ ንጓይ ናይ መጋምዲ መሳስሊ ይተሓለወሎ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ደረጋጽሉም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኤሽን ርበል ሚስኤል ምባል ተሪፉ፡ ዊልያም ርበርት ፓሪነት ተዛሊሉ ይተኣረመሎይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ መርሃዊት ተስፋኣለም ብርሃ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ትክእ ሓድሽ ኣብርሃ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀረብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡

ኣቶ ዓብስል ብርሃ፡ ሓፍተይ ኣብ ብርሃ ስለዘዝረፈት፡ ብዮል ቤታ ኣቶ ልኡል ሃይለስላሴ ናይ መጋምዲ መሳሱ ይተሓለወሎ፡ 3 ኣሕዋታ ከኣ ንወለድና ተኪእና ወረስቲ ምኳንና ደረጋጽልና ስለዘዘሎ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ወ/ሮ ማለን ተኸለ ስልጣኔ ብዮል ቤተይ ንብረኣግዘኣብሃር የሰፍ ሰፊም ስለዘዝረፈ፡ ንጓይ ናይ መጋምዲ መሳስሊ ይተሓለወሎ፡ 6ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ደረጋጽሉም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

ተስፋማህረት የማነብርሃን ሃይለስላሴ ምባል ተሪፉ፡ ተስፋማህረት የማነ ሃይለስላሴ ተዛሊሉ ይተኣረመሎይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሳዎር ኣወሳዲ ኣሰፋው፡ ኣቦይ ኣወሳዲ ኣሰፋው ንብረዘቢ ስለዘዘሎወኑ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ደረጋጽልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ትርሓስ በሪኸት ፈቐዴ፡ ብዮል ቤተይ መቀሃን ካሕሳይ ሳህለዘቢ ስለዘዘሎወኑ ንጓይ ናይ መጋምዲ መሳስሊ ይተሓለወሎ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ደረጋጽሉም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ተወልደ ሰረቅ ፍነሃዩ፡ ኣደይ ኣዜሉ ክንፈ ሰፈ. ስለዘዝረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ደረጋጽልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/25 ኣብ ቤት ፍርዲ 2ይ መጋኺያ ይቕረቡ፡፡

ባዲ ሃይለ ኣዱ ምባል ተሪፉ፡ ኣርመዳን ሃይካ ውዱ ተዛሊሉ ይተኣረመሎይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋኺያ ይቕረቡ፡፡

እዞዝርያ ተወልደመድህን የዕቡዩ፡ ብዮል ቤተይ ንብረመድህን ኣረጋይ ብዙ ስለዘዘሎወኑ፡ ንጓይ ናይ መጋምዲ መሳስሊ ይተሓለወሎ፡ 1 ወድና ከኣ ወረሰ. ምኳኑ ደረጋጽሉ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/02/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋኺያ ይቕረቡ፡፡

ፎቶ ዘርኣም ባህልቢ ምባል ተሪፉ፡ ፍትዊ ዘርኣም ባህልቢ ተዛሊሉ ይተኣረመሎይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋኺያ ይቕረቡ፡፡

ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት ጨረታ፡- ጽኑዕ ፕሮጀክትራትን ፎቶኮፕየራትን
አሃዱ፡ ከላጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ሓሪ.
ኣርእስቲ ውሳኔ- ክልተ ዓመታዊ ውሳል ምጽጋን ፕሮጀክትራትን ፎቶኮፕየራትን ንምክያድ
ዓይነት ጨረታ፡- ሃገራዊ ክፍት ጨረታ
ከላጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ሓሪ. ካብ 01/ሰነኒት/ 2025 ክሳብ 31/ታሕሳስ 2026 ዝለዋአ ፕሮጀክትራትን ፎቶኮፕየራትን ጽኑዕ ከይድ፡ ብቐጥታን ሕጋውያን ተጣረትቲ ይዕድምፁ፡፡

ተጣረትቲ ከምልእዎ ዘለዎም ነጥቢታት፡

1. ከላጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ሓሪ. ንሕጋውያን ተጣረትቲ ዋጋታት ናይ ኣብ ሳዕሊ. ዝተጠቕሰ ጽኑዕ፡ ብዕሽግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድምፁ፡፡
2. ጨረታ ንኹሉም ሕጋውያን ኣብ ሳዕሊ. ዝተጠቕሰ መሳርሒታት ጽኑዕ ዘከይዱ ክፍት እዩ፡፡
3. ተጣረትቲ ቅዳሕ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፡ ቅዳሕ ታኒራ ከምኡ'ውን ቅዳሕ ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈልሉ ሰነድ (Clearance) ናይ 2023 የቕርቡ፡፡
4. ተጣረትቲ፡ ናብ ኣሃዱ ዕድጊ ከላጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ሓሪ፡ ብቐጽሪ ስልኪ. 08202691 ብምደዋል፡ ተወሃኒ. ሓበሬታ ክረኽቦን ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክወስዱን ይኽእሉ፡፡
5. ተጣረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ፡ ዘይምለስ ጥሪ ገዝዘበ 50 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን20 መዓልታት ክፍት ኮይኑ፡ ኣብ መባል 20 መዓልቲ (ናይ ስራሕ ዕለት ምስ ዝኸውን ድሕሪ መባል 20 መዓልቲ ዘኣ ናይ ስራሕ ዕለት) ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ተጣረትቲ ሕጋውያን ወከልቲ ሰሓርግት ወይ ኣፈፋታ ጨረታ ክህቡ ዝመጻኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽበሉ፡ ኣብ ከላጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ሓሪ. ይኽፈት፡፡ ደንባዊ ገቐረበ ጨረታ ተቐባልነት የብሉን፡፡
7. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 20,000 ናቕፋ (ዕስራ ሽሕ ናቕፋ) CPO ኣትሒዝም የቕርቡ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ. ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘኽዝዞ መሳረት ይካየድ፡፡
9 ተጣረቲ ነቲ ዝተዓወቱሉ ጽኑዕ ባዕሉ ወይ ብወከልቱ ክኢሊታት ጥሪይ ጽኑዕ ከይድ ይፍቀደሎ፡፡
10. ከላጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ሓሪ. ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ጨረታ ብሽፈል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሳኑ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ከላጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅ ማይ-ሓሪ.
ቁ/ሳጥኒታ 344 ኣስመራ
ቁጽሪ ስልኪ. 08202691/08371122

ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ፡፡
ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8:00 – 12:00 ቅ.ቀትሪ ምሽት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ፡፡
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com
ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

AllianceFrançaise
Asmara - Eritrea

ቤ/ት ኣልያንስ ፍራንሰዝ ርሑስ ሓድሽ ዓመት እናተመሃየ ስሩዕ ናይ ሓጋይ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዕለት 10 ጥሪ ክጅምር ምኳኑ ከበስር ይፈቱ፡፡ ምቅርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳሊልኩም ኣሎ፡፡ ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ፡፡

ብደሓን ምጹ ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተሰፋ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ፡፡

ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ኤርትራውያን ዳያኑ ኣብ ናይ ካፍ ውድድራት ክዳንዩ ተመሪጸም

ኤርትራዊ ኢንተርናሽናል ዳኛ ተኽሉ ሞኒ ካብ 1 ክሳብ 28 ሰነዚት ኣብ ሃገራት ኢጋንዳ ኬንያን ታንዛንያን ኣብ ዝተደገገ ሻምፕዮን ሃገራት ኣፍሪቃ 2025 ክመርጹ ብሚኒስተር ኮሳሶ እግሪ ኣፍሪቃ (ካፍ) ተመሪጹ።

እዚ ካብ 2018 ጀሚሩ ኢንተርናሽናል ባጅ ሒዙ ኣብ ናይ ኣህጉራዊ ግጥምት ክመርሕ ዝኸኣለ ማእከላይ ዳኛ ተኽሉ፣ እዚ ዕድል'ዚ ረኺቡ ኣብ ሓደ ካብ ውድድራት ኮሳሶ እግሪ ኣፍሪቃ ምስታፉ፣ ኣብ ዕበጥ ኮሳሶ እግሪ ኤርትራ ተራ ክህልዎ ትጽበት ይግበር።

ብዘይካዚ፣ መንእሰይ ዳኛ ደለና ሳህለ ኣብ ውድድር ኮሳሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ትሕቲ 17 ዓመት ካፍ ክትመርሕ ተመሪጹ።

ዳኛ ደለና፣ ኣብቲ ካብ 7 ክሳብ 18 ጥሪ ኣብ ታንዛንያ ዝተደገገ ዘሎ ውድድር ትሳተፍ ዘሎ ድሕሪት ኣህል ሃገራዊት ጋንታ ኮሳሶ እግሪ ኤርትራን ኣህል ክሳብ ኮሳሶ እግሪ ክሳብ ደንደንን ኮይና ክትጻወት ምጽናሓ እዩ፣ ኣብ ናይ ወጻኢ ውድድር ክትመርሕ ዕድመ ዝቐርበላ ዘሎ ደሞ ንሬሎግ እዋን እዩ።

እዚ ዕድላትዚ ኮኑ ሃገራዊ ፊደረሽን ኮሳሶ እግሪ ኤርትራ፣ ተሳትፎ ኤርትራውያን ዳኛት ብኽልተኡ ጾታ ኣብ ዞባዊን ኣህጉራዊን ውድድራት ንምዕባይ ዝጥቀመሉ ዘሎ ጻዕሪ ዘንጸባርቕ እዩ።



ራፊንያ፣ ጉዳይ ኣልሞ ንባርሳ ክጸልዋ ከምዝኽእል ገሊጹ

ሓለቓ ጋንታ ባርሳሎና ራፊንያ፣ ጉዳይ ወዲ ጋንታኦም ዲ. ኣልሞ፣ ዝ ክሳብ ኣብ መጻኢ ሓደስቲ ተጻወትቲ ኣብ ምፍራም ብኡሉታ ክጸልዋ ከምዘኽእል ገለጸ።

ኣልሞ፣ ዝሓለፈ ክረምቲ ብ55 ሚልዮን ዩሮ ካብ ኣርቢ ሌንዝግ ናብ ባርሳ ምጽምዋሩ ይዝከር፣ እዝ ጋንታ ብሰኽ.ዘሎዋ ፋይናንሲዊ ጽገም ዝ. ተጻዋታይ ከተመዝገቦ ብምጽጋግ ከኣ ብቐዋሚ ከተፈርሞ ኣይኪእሉትን፣ ነም ፍታሕ ግና፣ ክሳብ ምዝዙም 2024 ጥሪይ ከተመዝገቦን ከተጻወቶን ተፈቒዱላ ነይሩ፣ ዝተፈቕደላ ግዜ ብምኽኑ ድሞ ዝሓለፈ ሰሙን ክገጽ ታሕሳስ 31 2024 ከተጻወቶ ብምደሊዩ፣ ዳኞማይ ኣብ ዝርዝር ስም ኣሎዎት ተጻወትታ ከተመዝገቦ ሕቶ ኣቕሪቡ፣

ይኸን እምባር፣ ዘቕረበቶ ቀዳማይን ካልኣይን ሕቶ፣ ብቡት ፍርዲ ተቐሪጉ፣ ድሕሩ ከኣ ላ'ሊጋ ንሰም እዝ ተጻዋታይ ካብ ዝርዝር ተጻወትቲ እቲ ሊግ ብምወጽኡን ነቲ ብሰኽ. መሳርቲ ተኣልዩ ዝጸንሐ ኣንድረያ ክሳብ ኣይ.ኤፍ.ኤ ኣይጸሪን ኣሎ።

ዳኞማይ ፕሽተፊርሞ ዘኽኣለ መገዲ ሃሰው ትብል ዘላ ባርሳ ዝ. ጉዳይ እንተዘይፈቲሑቶ ከኣ ኣልሞ ብናጻ ናብ ካልኣ ክሳብ ክሳጋር ከምዝኽእል ይግለጽ። ይግባይ ካብ ምባል ሞኻ፣ ዓዲ ኣይወጻእትን። ብመሳረት ናይ እዚኣ ጸብጻብ ደሞ ሕጂ'ውን ብዘዚኦ ከተፈርሞ ተሰኩ ኣሕዲራ ትርከብ።

ራፊንያ፣ ነዚ ሕሳብ ጽገም እዝ ጋንታ፣ ኣብ መጻኢ ኣብ ምፍራም ሓደስቲ ተጻወትቲ ብድሆ ክኾና ከምዝኽእል ይዛረብ፣ እዚ ብሪዝሊዊ "ናይ ኣልሞን ፓውን ጉዳይ ኣብ ካልእ ክሳብ ኮይኑ እንተዝህበ ነይሩ ናብዚ ጋንታ ንምምጻእ ክልተ ግዜ ምሓሰብኩሉ፣" ድማ ኣሊሉ። ምስ ባርሳ ድሕሪ ምፍራሙ፣ ነቲ እዚ ጋንታ ትሓልፎ ዘሎ ከኒታት ከምዘፈለጥን ብወሳኒ ከምዘደጋግፎ'ውን ገሊጹ።

እዚ ካታሎኒዊት ክሳቡ ወላ'ኳ ከምዚ ዓይነት ዳኞማይ ናይ ምፍራም ጽገም ሕጂ የጋጥማ እንተሎ፣ ብሰኽ. ፋይናንሲዊ ጽገማታ ግና፣ ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ጀሚሩ ሓደስቲ ተጻወትቲ ኣብ ምፍራም ብድሆ ክገጥማ ጸኒሑ እዩ፣ ንዕኡ ራፊንያ፣ ኣብ 2022 ካብ ለድሰ ዩናይትድ ብ55 ሚልዮን ዩሮ ክፍርም እኽሊ፣ ናይ ምምዝጋብ ጽገም ኣጋጠምዎ ነይሩ እዩ።

ፊደረሽን ኮሳሶ እግሪ እዚኣ፣ እዝ ጋንታ ወጻኢታታ ከተጉድል ዝደፃ ኣታዊ ክትረክብን ፋይናንሲዊ ማሕንቖኣ ክትፈትሖን እዩ ዝጠልብ፣ ባርሳ ኣብ ጉዳይ መንእሰይ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓያ ፓው ሽንኮ'ውን ተመሳሳሊ ጽገም ኣጋጠምዋ ኣሎ።



ኣርቴታ፣ ጠንቂ ስዕረቶም ኮዕሶ ካሪባኦ ካፕ ምኳና ገሊጹ

ለድያ ቦርሽት

ኣርሰናል ድሕሮ ተሰሰ ምሸት ብሄወትሳል ዋናይትድ 2ብ0 ምሳዮሩ ኣህልጣኢኣ ሚኒኤል ኣርቴታ ብዓይት ከኮሶ ካሪባኦ ካፕ ከምዘይተሓሰበን ጠንቂ ብዘሐ. ሽቶታት ምኑሓት ምኳናን ገለጹ።

ኣርሰናል ኣብዚ ናይ ቀዳማይ እግሪ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታ ካሪባኦ ካፕ፣ 23 ግዜ ናይ ሽቶ ፈተካታት ኣካይዳ ሽቶ ከተመዝገብ ግና ኣይኪእሉትን። ሰለስተ ካብዚን ሽቶታት ናብ ልዳት ከምርሓ እኽሊዋ፣ ዝተረፉ ግና ካብ ዕሎማ ወጺኦ ነይረን። ኣርቴታ፣ "እዚን ከዓሳሱ ካብ ናይ ፕሪመር ሊግ ከዓሳሱ ኣጸብቓን ዝተፈልያ እዮ፣ ብዙሓት ከዓሳሱ ልዕሊ. ልዳት ሰዲድና ኣኑ። ብቐለል ናይ ምኑሩር ሓይሊ. ስለዘለረን የደናግራ ነይረን። ኣብ ምቕላዕ ጥሪይ ዘይዛነ ኣብ ምቀጽጻርን'ውን ብዙሕ ዘይጽብር ነገራት ይረኣ ነይሩ እዩ። ስለዚ ጠንቂ መኽሬታኣን ብዘዮኦ ነጽናዕ ኣጉዳሊ እዩ፣" ኣሊሉ።

ኣርሰናል ናብ ፍጻመ ንምስለፍ፣ ኣብ ካልኣይ እግሪ ኣብ ሜዳ ኒውካስል ኣተካይዶ ጸወታ ተረር ዓቐቡት ነም ምሕኮር ክኾና ነም ዝኽኣል ደሕር፣

ኣብዚ ናይ ካሪባኦ ካፕ ዝተደገ ጸወታታት ዝጥቀመሉን ከዓሳሱ ብዝትል ጥማ ዝዘናርሓ ክኾና እኽሊዋ፣ ናይ ፕሪመር ሊግ ከኣ ብናይቕ ዝዘናርሓ እዮም።

ኒውካስል ኣብቲ ጸወታ ካብ ኣሌክሳንደር ኢሳቐን ኣንዩኒ ኣርደን ብዘርሰሰዝን ሽቶታት እዩ ተዓዊታ። ኣብ ዝበጸጸ ብቐዳት ዝርኒጠን ንብዙሓት ክሰዩት መሳጠን ዘሎ ኢሳቕ መባል 50 ሽቶኡ ኒውካስል ኣብቲ ጸወታ ጸምብሉ።

"ሮናልዶ፣ ንውሳነይ ኣኽቢርዎ እዩ"

ዓለሚ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል

ናይ ቅድም ዓለሚ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ፊርናንዶ ሳንቶስ ኮኾብ ተጻዋታይ ክረስቲያኖ ሮናልዶ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022 ተቐያሪ ክኸውን ንዘወሰዶ ውሳነ ነምዝኽበሮ ገለጸ።

ሳንቶስ ኣብቲ ኣብ ቁጠር ዝተኻየደ ዝጋበዩ ውድድር ኮሳሶ እግሪ ኣብ ዘር 16 ኣንጋር ሰዋዝርላንድ ንሓልቓኦም ሮናልዶ ዘይተሰመደ ተቐያሪ ብምግባሩ ኣርእስቲ ሰሪሑ ነይሩ። ቅድሚኡ ኣብ ዝበረ ጸወታ ኣንጋር ደቡብ ኮርያ ዘንጸባረቕ ሕርቃን ደስ ስለዘይብሎ ተቐያሪ ነምዝገበሮ'ውን ሓቢሩ ነይሩ። ሮናልዶ፣ ኣብ ዝሰዓበት ናይ ርብዒ ፍጻመ ጸወታ ኣንጋር ሞሮኮ'ውን ተቐያሪ ምንኩሩ ይዝከር።

ንፖርቱጋል ንሸሞንተ ዓመታት ዝጸለማ ሳንቶስ ብዘሮኮ ድሕሪ ምሕራፉ ካብ መዝሩቱ ምኢሉዩ ይፍለጥ። ምስ ሮናልዶ ዝሞደናኑ ነምዝኸሓሊ ድማ ይግለጽ እዩ።

ንኡ ብዘዕ'ዚ ጉዳይ ኣብ ዝዘሓተሎ፣ "ክረስቲያኖ፣ ዓቢ ተጻዋታይ እዩ፣ ዝሞደናና ካብ 2004 እዩ ዝኸፍልም፣ ቅድሚ ንዝገብዎት ጋንታ ምሰልም ምጅማረይ። ኣብ ዋንጫ ዓለም ንርናልዶ ተቐያሪ ምግባረይ ንኡ ዘኽበሮ ውሳኔ እዩ ነይሩ፣ ክሳብ ሕጂ'ውን ርኽብ ኣይብዝኾናን፣" ኢሉ።

ድሕሪ'ቲ ውድድር መጻኢኡ ኣብዚ ጋንታ ዘይገጽር ዝበረ ሮናልዶ፣ ብሓዲሽ ዓለሚ ርዝርቶ ማርቲዝዝ ግና፣ መራሕ ተጻዋታይ ብምኳን ዳግማይ ብቐዋሚ ይሰፍፍ ምህላዉ ይፍለጥ። እዚ ዝመጽእ ወርሒ ሰነዚት 40 ዓመት ዝመልእ ጸለዋ ተጻዋታይ፣ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ክጸወት ድሉት ነምዝሰዎ እዩ ዝዝረጸ።

ሳንቶስ ንሮናልዶ ቀይሩ ኣናሊዎ

ደሻምፕ፣ ካብ መዝነቱ ክወርድ'ዩ

ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ዲዲዬ ደሻምፕ፣ ድሕሪ ዋንጫ ዓለም 2026 ካብ መዝሩቱ ነምዝወርድ ትሚሊ. ገለጸ።

እዚ ወዲ 56 ዓመት ዓለሚ እቲ ዝመውሐ ግዜ ንዝገብዎት ጋንታ ፈረንሳ ዝዓለመ ኣሰልጣኒ እዩ - ካብ ሓምሊ 2012 ጀሚሩ ንዝሓለፉ ኣስታት 13 ዓመታት ደዕልማ ብምህላዉ። ኣብ 2018 ዋንጫ ዓለም ከዕትራ እኽሊ፣ ኣብ 2022 እውን ኣብ ፍጻመ ኣብጺሕዋ ነይሩ እዩ፣ ፈረንሳ ኣብ መዘምሢ ብኦርጅንሊና ብፍጹም ቅላዕ ምስዓራ ይዝከር። ብዘዕ'ዚ፣ ደደሻምፕ፣ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ዩሮ 2016 ቦጺሑ ብፖርቱጋል ተረቲዑ እዩ።

እዚ ሓለቓ ጋንታ ፈረንሳ ዝበረ ዓለሚ፣ "ኣብ 2026 ስርሒይ ከብቅዕ እዩ፣" ክብል ውሳኑ ነምዝናውሕ ገለጸ።

ዌስት ሃም፣ ንሎፕተጉ ኣባሪራዮ

እንግሊዛዊት ክሳብ ዌስት ሃም፣ ንዓሎሚኣ ጃለን ሎፕተጉ ትሚሊ. ድሕሪ ቀትሪ ካብ ስርሒ ኣባሪራዮ።

ሎፕተጉ፣ ዝሓለፈ ክረምቲ ብናይ ክልተ ዓመታት ውሳል እዩ ንዳቪድ ሞየስ ተኪኡ መዝሩቱ ምስልጣን ተቐቢሉ።

ይኸን እምባር፣ ዕምሪ ሰልጣኑ ክንጽ ሽዓሽተ ኣዋርሕ ኣይቀጸለን፣ ምኽንያቱ ገዛኡ ዕወት ብዘይምኾነ፣ እዝ ጋንታ ኣብ 20 ናይ ሊግ ግጥምት 23 ነጥቢ ጥራይ ኣኪቡ ካብ ዞባ ምምሳስ ብሽወዳት ነጥቢ ክብ ኢሉ መባል 14 ተሰሪዓ ኣሎ።

እዚ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ናይ ሊግ ግጥማታ ትሸዓተ ሽቶታት (ብሞን ሲቲ 4ብ1፣ ብሊቨርፑል 5ብ0) ዝተመዝገበ ጋንታ፣ ቡታኡ ንምሸፋን ምስ ናይ ቅድም ዓለሚ ብራይተንን ቸልሲን ግራዝም ፖተር ትዘራረብ ኣሎ።

እዚ ነፀግዚ ኢሉ እኽሊ፣ ናይ ቅድም ዓለሚ ዌስትሃም ሃሪ ረድናፕ፣ ንኣተሓሕዝ እዝ ጋንታ ኣብ ልዕሊ. ሎፕተጉ ኣቕሪፉ።

መደብ ጸወታ

ሰሙ

ዘዋራ ዋንጫ ዞባ ማእከል

ደንደን 'ቢ' - ፖሮት 11:30 ቅቃ

ቀይሕ ባሕሪ - ዕዲጋ ሓመሲ 1:30 ድ.ቅ

ኣዳሊስ - ኣስመራ በላ 3:30 ድ.ቅ

ኤፍኤ ካፕ

ፋልሃም - ዋተፎርድ 10:45 ድ.ቅ

ኤቨርተን - ፕተርቦሮግ 10:45 ድ.ቅ

ሰተር ኪፓ እዋጽ ፍርቂ ፍጻመ

ሪያል ማድሪድ - ማዮርካ 10:00 ድ.ቅ

ዜና ውጽኢ

ሚርያም ኣብርሃም

ትራምፕ ንሓማስ የጠንቅቕ

ምሩጽ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ምንቅስቓስ ሓማስ ኣብ ወሸመጥ ቃዛ ጅሆ ሒዝዎም ዘሎ ኣስታት 100 ሰባት ቅድሚ 20 ጥሪ ናጻ እንተዘይለቕቕሉ "ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ገሃነም ክፍጠር'ዩ" ብምባል ኣጠንቀቕሉ።

ዝመጽእ 20 ጥሪ በትረስልጣን ኣመሪካ ንኽቕብል ዝጸባጸብ ዘሎ ዶናልድ ትራምፕ፡ ቅድሚ'ቲ ዕለት፡ ሓማስ ጅሆ ሒዝዎም ዘሎ ኣመሪካውያን ዝርከቡዎም ዜጋታት ናጻ ክለቅቕ እዩ ዝጸንሖ ዘሎ።

እዚ ምስ ዘይክውን ግሩ ኣብቲ ዞባ ከቢድ ውተሃደራዊ ስጉምቲ ክምዝወስድ ድማ ተዛረቡ ኣሎ።

ሓማስ ብወኑ፡ እስራኤል ኣብ ወሸመጥ ቃዛ ተካይዳ ዘላ ኣልማሚ ደብዳብ ክተቋርጽ ብወኑ'ውን ኑዖም ኣብ ኣዱ ዝርከቡ ጅሆ ክፈትሑም ድሉው ክምዝሎ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

እንተኾነ እስራኤል፡ ሓማስ ከይተደምሰሰን ጅሆ ተታሒዝዎም ዘሎዉ ዜጋታት ናጻ ከይተለቕን ንደብዳብ ቃዛ ደው ክምዝይተብሎ ትገልጽ።

በዚ ኸኣ እቲ ኣብ መንገ እዛም ክልተ ወገናት ዝቕጸል ዘሎ ሞጕት ብቕሲል ክፍታሕ ክምዝኽእል፡ ዝተፈላለዩ ወገናት ይሕብሩ ኣለዉ።

ሓማስን ኣስራኤልን ንምቁራጽ ተኾኑ፡ ኣመልኪቶም ኣብ ቀጠር ዝርርብ ኣብ ዘካይዱሉ ዘለዉ እዋን፡ ፍሉይ ልኡኽ ኣመሪካ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ስቴቭ ዊትኮፍ ኣብቲ ዘተ ንምስታፍ ናብ ዶሓ ክምዝገይሽ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ሓማስ፡ ንዕምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ ዘለዎ ድሉውነት ንምርግጋጽ ክብሉ፡ ደቂኣንስትዮ፡ ኣረጋውያንን ህጻናትን ዝርከቡዎም 34 እስራኤላውያን ጅሆ ናጻ ክለቅቕ ምኻኑ፡ ርይተርስ ዝሓለፈ ሰሉስ ጸብጺቡ ነይሩ።

ጋና - ፕረዚደንት ጆን ድራማኒ ቃለ-ማሕላ ፈጺሙ

ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ ፕረዚደንት ጋና ኮይኑ ንኻልኣይ ግዜ ዝተመርጸ ጆን ድራማኒ ቃለ-ማሕላ ክምዝፈጸሙ ኣብታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

ወዲ 66 ዓመት ጆን ድራማኒ፡ ኣቕዲሙ ካብ 2012 ክሳብ 2017 ፕረዚደንት ጋና ኮይኑ ክምዝገልገለ እዩ ዝፍለጽ።

ፕረዚደንት ጆን ድራማኒ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብታ ሃገር ኣብ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ፡ 56 ሚእታዊት ደምጺ ብምርኻቦ'ዩ ንመወዳደርቲ - ምክትል ፕረዚደንት ማሕሙድ ባወምያ ሰዒሩ።

በዚ ኸኣ እቲ ፖለቲኻዊ መባል 14 ፕረዚደንት ጋና ኮይኑ ንኣርባዕተ ዓመታት ክምዝገልግል እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ፕረዚደንት ድራማኒ ቃለ-ማሕላ ኣብ ዝፈጸመሉ ኢጋጣሚ፡ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣፍሪቃ ተሳትፎ ዝመጽኡ ኣስታት 20 መራሕቲ ክምእተኣተፉ ተገሊጹ።

ኣስታት 33 ሚልዮን ህዝቢ ክምዝሰዋ ዝነገረሎ ጋና፡ ሓንቲ ካበ'ተን ብሰሊድ ወርቂ ኣብ ቅድሚት ዝነርን ሃገራት ዓለም ክትከውን እንከሎ ብፍርያት ካካዎ ድማ ኣብ ዓለም ኣብ ካልኣይ ደረጃ ተሰሪዓ ትርከብ።

ኣመሪካ - ሓደጋ ባርዕ-ጫካ ኣሸሓት ነበርቲ የመዛብል

ኣብ ከተማ ለስ-ኣንጀለስ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ተኸሲቱ ብዘሎ ሓደጋ ባርዕ ጫኑ ዛጊት ልዕሊ 30 ሽሕ ነበርቲ ካብ ኣባይቶም ክግዕዙ ክምእተኣዘዙ ይሕበር ኣሎ።

ቡቲ ባርዕ ድሮ ኣስታት 1,182 ጭስታር መሬት ክምእተሃሞኸ ዝጠቐሱ ጸብጽባት፡ ኣብቲ ከባቢ ብሰንጢ ተኸሲቱ ዘሎ ደረቕን ብርቱዕን ንፋስ ዝጥበለሎ ሕማቕ ኩነታት ኣየር፡ እቲ ሓደጋ ናብ ሰፊሕ ከባቢታት እታ ከተማ ይልሕም ክምዝሎ ኣመልኪቶም።

እቲ ባርዕ መሮር፡ ኣብታ ብዙሕ ህዝቢ ዘለዋ ከተማ ለስ-ኣንጀለስ ከቢድ ኣከባቢዊ ዕንወት ክምዝውረደ ዝሓቡሉ ሱቡ-መዚ'ታ ከተማ ብወዮናም ብዙሓት መንበራ ኣባይቲ፡ ንግዳዊ ትካላትን መኻይንን ክምእተቓጸሉ ኣረዲኦም።

ብሰንጢ'ቲ ሓደጋ ኣብ ካሊፎርንያ ክሳብ ኣከባቢዊ ዕንወት ክምዝውረደ ዝሓቡሉ ሱቡ-መዚ'ታ ከተማ ብወዮናም ብዙሓት መንበራ ኣባይቲ፡ ንግዳዊ ትካላትን መኻይንን ክምእተቓጸሉ ኣረዲኦም።

ብሰንጢ'ቲ ሓደጋ ኣብ ካሊፎርንያ ህጹጽ ናይ ሓደጋ እዋን ክምእተኣወጀ ዝሓበረ ኣመሓዳሪ'ታ ክፍሊ-ሃገር ድማ፡ እቲ ባርዕ ኣብ ወሽጠ. እዛም ዝሓለፉ ቀረባ ዓመታት ካብ ዝተኸሰቱ ተመሳሳልቲ ሓደጋታት እቲ ዝኸፍኣ ክኸውን ክምዝኽእል ገሊጹ።

እቲ ባርዕ መሮር ተኸሲቱሉ ዘሎ ከባቢ፡ ብርክት ዝበሉ ህቡዓት ሰባትን ሃብታማትን ዝቕመጡሉ ሰፍራ ህጹጽ ናይ ሓደጋ እዋን ክምእተኣወጀ ዝሓበረ ኣመሓዳሪ'ታ ክፍሊ-ሃገር ድማ፡ እቲ ባርዕ ኣብ ወሽጠ. እዛም ዝሓለፉ ቀረባ ዓመታት ካብ ዝተኸሰቱ ተመሳሳልቲ ሓደጋታት እቲ ዝኸፍኣ ክኸውን ክምዝኽእል ገሊጹ።

ብመሳረት ጸብጽባት፡ ኣብዚ ከባቢ ብሰንጢ ተኸሲቱ ዘሎ ደረቕን ብርቱዕን ንፋስ ክትከውን ክምእተጋጸሉ ኣረዲኦም ኣሎ።

ብመሳረት ጸብጽባት፡ ለስ-ኣንጀለስ ኣስታት 39 ሚልዮን ነበርቲ ዘለዉዋ ኩይና፡ ኣብ ኣመሪካ ንከተማ ኒውዮርክ ተኸቲላ ካልኣይቲ ዝበዝሐ ህዝቢ ዝሓቖፈት ከተማ እያ።

ጃፓን - ንህላወ ሰራዊት ኣመሪካ ዝቃወም ሰልፊ ይካየድ

ኣብ ጃፓን፡ ንህላወ ሰራዊት ኣመሪካ ዝቃወም ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ ይካየድ ክምዝሎ ተሓቢሩ።

እቲ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ጃፓናውያን ዝኸተፍዎ ዘለዉ ናይ ተቓወሞ ሰልፊ፡ ኣመሪካ ኣብ ጃፓን ዝነሰ ቋጽሪ ወተሃደራዊ መሳፈሪታት ክብ ክምእተብሎ ድሕሪ ምሕብራ ክምእተገበረ እዩ ዝፍለጽ ዘሎ።

እዩም ሰልፊኛታት፡ ሰራዊት ኣመሪካ ካብ ሃገርም ጠቕሲሉ ክወጽእ፡ ኣቕዲሙ ኣብ መንገ ኣመሪካን ጃፓንን ተኸቲሞም ዝጸንሑ ንህላወ ሰራዊት ኣመሪካ ኣብ ሃገርም ዝምልከት ስምምዕ ክሰረዝን እዮም ዝጽውዑ ዘለዉ።

ብመሳረት ጸብጽባት፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ጃፓን ኣስታት 55 ሽሕ ኣመሪካውያን ወተሃደራት ኣለዉ።

ንህላወ እዚም ወተሃደራት ዝቃወሙ ጃፓናውያን ተደጋጋሚ ሰላማዊ ሰልፊ ክካይዱ ምጽንሑም'ዩ ዝፍለጽ።

ሰራዊት ኣመሪካ፡ ኣብ ዝሓለፈ 51 ዓመታት፡ ኣብ ጃፓን ልዕሊ 6200 ዝኸፍት ክምዝሐዝሙ ጸብጽባት ናይ'ታ ሃገር የመልክቱ።

ቻይና - ብምንቅጥቃጥ ምድሪ ልዕሊ 100 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ተሃጥ - ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ብዘተኸሰተ 6.8 ሬክተር ዝዋቕሑ ሓደጋ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ብውሕዱ 120 ሰባት ክምዝሞቱ ይሕበር ኣሎ።

ብተወሳኺ፡ ቡቲ ባህርያዊ ሓደጋ ካልኦት ልዕሊ 180 ሰባት ቆሲሉም ብምህላዎም፡ ቋጽሪ ምዉታት ከይወሰኸ ሰዋኦት ክምዝሎ ሱቡ-መዚ ጥዕና ቻይና ይገልጹ ኣለዉ።

ቡቲ ባህርያዊ ሓደጋ ዛጊት ቋጽርም ብገጹር ዘይተፈልጠ ብዙሓት ሰባት ደሃዮም ጠፊኦ ክምዝሎ ዝጠቐሱ እዮም ሱቡ-መዚ፡ ካልኦት ኣስታት 400 ሰባት ብፍርስራስ ናይ ህንጻታት ተጸቒጦም ክምዝጸንሑ፡ ኣባላት ሲቪላዊ ድሕነት'ታ ሃገር ብዘህበርዎ ቅልጡፍ ሓገዝ ብዛወት ክድሕኑ ክምዝኽእሉን ኣፍሊጦም፡

እቲ ከቢድ ንዋታውን ሰባውን ዕንወት ዘውረደ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ክሳብ ሆንዲ፡ ኔፓልን፡ ቡታንን ከይተረፈ ክምእተሰመዐ ዝሓቡሉ እዮም ሱቡ-መዚ፡ ኣብቲ ሓደጋ ዝተኸሰተሉ ከባቢ ዝነበሩ ልዕሊ 30 ሽሕ ነበርቲ ካብ ኣባይቶም ክምዝዝዝሑ ወሲኾም ኣመልኪቶም፡

ቡቲ ሓደጋ መዕቐቢ ናይ ኣስታት 800 ሽሕ ነበርቲ ዝኾኑ ልዕሊ 3600 ኣባይቲ ክምዝፈረሱ'ውን ይሕበር ኣሎ።

ኣብ 2023፡ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ'ታ ሃገር ብዘተኸሰተ ተመሳሳሊ ሓደጋ'ውን ኣስታት 150 ሰባት ክምዝሞቱ ናይ ሽው ጸብጽባት የረድኡ።

ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ቅሳት

ዕለት
09/01/2025

ጎደና
ጎደና ሓማሴን ቁ.45 ከባቢ ማይ ኣባሻውል

ቁ.ስልኪ.
110911

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services